ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI
PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT

ዕለት: 08/02/2017 ዓ/ም
Date:
ቑፅሪ: 01/510/61/2017
Ref.No:

**ናብ ኩለን ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተራት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ**
**መቐለ**

**ዋኒን:- መምርሒ ስርዓት ውሸጢ ቑፅፅር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብ/ክ/መንግስቲ ትግራይ ምልኣኽ ይምልከት**

ኣብ ርእሰ ዋኒን ከም ዝተሓበረ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ሓይሊ ሰበንን በጀትንን ዓርሰን ኽኢለን ከመሓድራ ብኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 28/5 ብዝተውሃበን ስልጣን መሰረት ንሲቪል ሰራሕተኛታት ላ/ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ መምርሒ ስርዓት ውሸጢ ቑፅፅር ቁፅሪ 2/2017 ዓ/ም ዝወፅአ 38 ገፅ ዝሓዘ መምርሒ ምስ እዚ መሰነይታ ደብዳበ ተላኢኹ ኣሎ፡፡

ስለዚ ካብ ዕለት 27/01/2017 ዓ/ም ጀሚሩ በቲ መምርሒ መሰረት ክፍፀምን ብቕዳሕ ክትፈልጥዎ ዝተገበረልኹም እውን ሓላፍነት ወሲድኹም ክትፍፅሙ የተሓሳስብ፡፡

ምስ ሰላምታ

ዶ/ር ፀጋይ በርሀ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

**ቅዳሕ**

- ንሓላፊት ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

# መምርሒ ስርዓት ውሽጢ ቑፅፅር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብ/ክ/መንግስቲ ትግራይ

# ቑፅሪ 02/2017 ዓ/ም

መስከረም 2017 ዓ/ም

መቐለ

## መእተዊ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ኣብ ዝተመደበሉ ገንዘብ፣ ንብረትን ሓይሊ ሰብን ግልፅነት ብዘለዎ ስርዓት ዘመሓድረሉ መምርሒ ውሽጢ ቑፅፅር ኣውፂኡ ኣብ ስራሕ ምውዓል ኣገዳሲ እዩ፡፡ ላዕለዋይ ቤ/ፍ/ክልል ትግራይ ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ በቢ እዋኑ እናመሓየሸ ዘውፀኦም መምርሒ ስርዓት ውሽጢ ቑፅፅራት ከም ዝነበሩ ዝዝከር ኾይኑ ኣብ 2016 ዓ/ም ብዘመሓየሾ መሓውር ሰራሕተኛታት መሰረት ክቃነ ስለ ዘለዎ፣ ከምሓየሽ ከምዘለዎ ኣገዳሲ ምኻኑ ተኣሚኑሉ እዩ፡፡

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 28/5 መሰረት ኣዋህባ ግልጋሎት ዳይነት ቤት ፍርዲ ዝምልከት ሕግታትን መምርሕታትን ኣሰራርሓታትን ንምውፃእ ብዘተውሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ መምርሒ ስርዓት ውሽጢ ቑፅፅር ኣውፂኡ ኣሎ፡፡

## ክፍሊ ሓደ

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

1.1. እዚ መምርሒ "**መምርሒ ስርዓት ውሽጢ ቑፅፅር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ**" ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ንኣፈፃፅማ'ዚ መምርሒ እንትባሃል፡-

1. **"ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ" ማለት** ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ እዩ፡፡
2. **"ላዕለዋይ ሓላፊ" ማለት** ፕሬዝደንት ወይ ምክትል ፕሬዝደንት ወይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት እዩ፡፡
3. **"ዳይሬክተር" ማለት** ኣብ ትሕቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝተወደቡ ዳይሬክቶሬታት ዝመርሑን ዘተሓባብሩን መራሕቲ ስራሕ እዮም፡፡
4. **"ውሽጢ ኦዲተር" ማለት** ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝርከብ ገንዘብ፣ ንብረትን ሓይሊ ሰብን ብሕግን ስርዓትን ዝተፈፀመ ምዃኑ ስልጣን ምቁፅፃር ዝተውሃቦ ኣካል እዩ፡፡
5. **"ፈፀምቲ ስራሕ" ማለት** ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ዳይሬክቶሬታት እዚ ትካል ዝርከቡ ሰራሕተኛታት እዮም፡፡

6. **"ፋይናንስ" ማለት** ኣብ ቑፅሪ ሒሳብ ባንኪ እዚ ትካል ዝርከብ ገንዘብ፣ ብኢድ ገንዘብ ተሓዚ ዝንቀሳቐስ ንኣናእሽተይ ወፃእታት ተባሂሉ መጠኑ ብፕሮሰስ ካውንስል ተወሲኑ ዝፀደቐ ጥረ-ገንዘብ፣ ቼክ ካልኦት ሰነዳትን ዝሓወሰ እዩ፡፡
7. **"ሒሳብ" ማለት** ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝፍፀሙ ኣታዊታት፣ ወፃኢታት፣ ተኣከብትን ተኸፊልትን ሒሳባት ብኣግባቡ ዝፍፅምን ዝከታተልን ሓደ ክፍሊ ስራሕ እዩ፡፡
8. **"ኣፈፃፅማ ክፍሊት ፋይናንስ" ማለት** ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ክልልና ዝፍፀም ስርዓት ክፍሊት ኮይኑ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ ዝተመርሐን ዝተማለአ ሰነድ ምኳኑን እናተረጋገፀ ከከም ኣግባብነቱ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብቼክ ዝፍፀም ክፍሊት ገንዘብ እዩ፡፡
9. **"ስርዓት ዕዳጋ" ማለት** ከከም ኣግባብነቱ ብዘይ መፅናዕቲ ወይ ብመፅናዕቲ ተደጊፉ ብመሰረት ሕጊ ብቐጥታ፣ ብፕሮፎርማ፣ ብግልፂ ጨረታ ወይ ብውሱን ጨረታ ሜላ ዝፍፀም ዕዳጋ እዩ፡፡
10. **"ምሕደራ ንብረት" ማለት** ቀዋምን ሃላቕን ንብረት እዚ ትካል ብመሰረት መምርሒ ምምሕዳር ንብረት ክልልና ዝፍፀም ኮይኑ ምዝገባ፣ ቆፀራ፣ ምውጋድን ዝሓወሰ እዩ፡፡
11. **"ሰነድ" ማለት** ኣግባብነት ብዘለዎ ሕጊ ፋይናንስ ገንዘብ ኣታውን ወፃእን ዝግበረሉ ወይ ንብረት ኣታውን ወፃእን ዝግበረሉ ከምኡ እውን ኣብ ኢድ ውልቀ ፈፃሚ ወይ ኣመራርሓ ዝርከብ ቀዋሚ ንብረት ዝምዝገበሉ ሰነድ እዩ፡፡
12. **"ምምሕዳር ሰራሕተኛ" ማለት** ሰራሕተኛታት እዚ ትካል ብዝመሓደርሉ ሕጊ ስርዓት ቁፃር፣ ዝውውር፣ ዕብየት፣ ፍቓድ ዕረፍትን ካልኦት ጥቕማ ጥቕምን፣ ዲስፕሊን፣ ስንብትን ዝተኣናገድሉ እዩ፡፡
13. **"ሰብ" ማለት** ተፈጥሮኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃቦ ኣካል እዩ።
14. **"ክፍሊት ዳይነት" ማለት** ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ግልጋሎት ዳይነት ዝረኸቡ ተገልገልቲ ብሕጊ መሰረት ዝኸፍልዎ ግልጋሎት ዳይነት እዩ።

**ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ መምርሒ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ኩሉ ንኣንስታይ ፆታ እውን ዝሓወሰ እዩ፡፡

**ዓንቀፅ 4. ወሰን ተፈፃምነት እዚ መምርሒ**

እዚ መምርሒ ኣብ ኣመራርሓን ፈፀምቲ ስራሕን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ካብ ዳኛነትን ሬጅስትራራትን ወፃኢ ዘለው ዳይሬክቶሬታት ተፈፃምነት ይህልዎ።

## ክፍሊ ክልተ

## ዕላማ፣ ዓይነታትን ብርክታትን ውሽጢ ቁፅፅር

**ዓንቀፅ 5. ዕላማ**

እዚ መምርሒ እዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ይህልውዎ:-

1. ኣብ ምሕደራን ኣጠቓቕማን ገንዘብን ንብረትን ከምኡ እውን ምምሕዳርን ኣወፋፍራን ሓይሊ ሰብ እዚ ትካል ምዕሩይ ኣሰራርሓ ተኸቲሉ ክፍፀምን ንዝፍጠሩ ጌጋታት ብኣግኡ ክእረሙን ሞዴል ዝኾነ ስርዓት ኣፈፃፅማ ክህሉን ምግባር፡፡
2. ዘለና ውሱን ሃፍቲ /ገንዘብን ንብረትን/ ቆጣቢን ውፅኢታውን ብዝኾነ ኣገባብ ሕግን ስርዓትን ፋይናንስ መሰረት ብምግባር ምምሕዳር፡፡
3. ዝቐርብ መረዳእታ ሒሳብን ንብረትን፣ ምምሕዳር ሓይሊ ሰብን ሕግን ስርዓትን መሰረት ዝገበረ ክኸውን፣ ዝቐርብ ፀብፃብ ኦዲት፣ ዝወሃብ ግልጋሎት ምኽርን ሙሉእ ስብእና ብዘለዎ ክፍፀምን ዕቡቕ ምስሊ ኣብያተ ፍርዲ ብዝሃንፅ መልክዑ ተግባራዊ ምግባር፡፡
4. ምሕደራ ሓይሊ ሰብና ሕግን ስርዓትን ዝተኸተለ ክኸውን ኣተሓሳስባ መገልገላይነት ህዝቢ ብምዕባይ ስሉጥን ውፅኢታውን ኣገልግሎት ንምሃብ ምቹው ኩነታት ምፍጣር፡፡
5. ስራሕቲ ውሽጢ ኦዲት ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ሕግን ስርዓትን ሓልዩ ክፍፀምን ስርዓት ምሕደራ ፋይናንስ፣ ንብረትን ሓይሊ ሰብን ኣዋጃት፣ ደንብታት፣ መምርሕታትን ኣሰራርሓታትን መሰረት ብምግባር ክፍፀምን ኣብ መገልገላይ ኣታሓሳስባ ዝወነነ ሰራሕተኛ ኣብያተ ፍርዲ እጃሙ ክፃወት ምግባር።

**ዓንቀፅ 6. ብርክታትን ውሽጢ ቁፅፅር**

**6.1. ሓፈሻዊ ብርክታት ውሽጢ ቑፅፅር**

ሀ.ንኣብያተ ፍርዲ ዝተውሃቦም ተግባርን ሓላፍነትን ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ንብረትን መዛግብትን ሓይሊ ሰብን ውፅኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ንምፍፃም ዘኽእሎ ትካላዊ ምፍፃም ዓቕሚ፣ መቐሎ ስራሕን ስርዓት ኣቀራርባ ፀብፃብን ምርግጋፅ፣ ስርዓት ተሓታትነት ምትእትታውን ተግባራዊ ምኗኖም ምርግጋፅ፡፡

ለ.ንኣብያተ ፍርዲ ብመሓውር ዝተፈቐደሉ ሓይሊ ሰብ ብቑፃር ንምምላእ፣ ንምፍላጥ፣ ንምስልጣን፣ ንምቁፅፃር፣ ንምግምጋምን ንምምኻር፣ ንምዕባይ፣ ንምኽሓስ፣ ብዲስፕሊን ንምቕፃዕን ንምስንባትን፣ ኣፍልጦን ሽልማትን ንምሃብ ዝኣመሰሉ



ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቤ/ፅ ፕሬዚደንት
Tigrai Region Supreme Court President Office

ምምሕዳራዊ ስራሕቲ ኣግባብነት ዘለዎም ፖሊስታትን መምርሒታትን ኣፈፃፅማ ዘለው ምኽኖም ምርግጋፅ፡፡

ሐ.ላዕለዎት ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ኣብያተ ፍርዲ ካብኦም ዝሕሎ ስራሕን ሓላፍነትን ንምፅዋት ዘኽእሎም ሞያዊ ብቕዓትን ስነ-ምግባር ንምዕባይ ስርዓት ውሽጢ ቁፅፅር ዝዘርግሑን ብሓላፍነታዊ መንፈስ ዝትግብሩን ምኻኖም ምርግጋፅ፡፡

መ.ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ስራሕቲ ትካሎም ወፃኢ ቆጣብን ውፅኢታውን ብዝኾነ ኣገባብ ምእንታን ክፍፀም ስርዓት ውሽጢ ቁፅፅር ይትግበርን ይሕለውን ምህላው ምርግጋፅ፡፡

ረ. ኣመራርሓ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከጋጥሙ ኣብ ዝኽእሉ ስግኣታትን ተቓላዓይነትን ግቡእን ዝምጥንን ስጉምቲ ንኽውሰድ ዘኽእል ንስርዓት ውሽጢ ቁፅፅር በቢ ግዚኡ ይፍትሽን ይግምግምን ምህላው ምቁፅፃር፡፡

ሰ.ስራሕቲ ውሽጢ ቁፅፅር ውፅኢታዊ ንኽኸውን በቢ በጀት ዓመቱ ከይተቆራረፀ ንክስራሕን ብትሑት ወፃኢ ክፍፀምን ኩሉ መዳያዊን ምኽንያታውን ብዝኾነ ኣገባብ ምስ ዕላማ ውሽጢ ቑፅፅር ብቐጥታ ተኣሳሲሮም ይፍፀሙ ምህላዎም ምርግጋፅ፡፡

ሸ. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ኣብ ክሊ ስርሖም ዝእዝዞም ፋይናንስ ትንከፍ ዘይኮነ መረዳእታ ብግቡእ ብምሓዝ ኣመራርሓ ስራሕ ካብቲ ትካል ወፃኢ ይግበኦና በሃልቲ ተጠቀምቲ መረዳእታ ውሽጢ ቁፅፅር ተግባራዊ ንምግባርን ሓላፍነቶም ንምፍፃምን ብዘኽእል ኣግባብን ግዘን ኣብ ግምት ብምእታው ንተጠቀምቲ ዝወሃብ ምኻኑ ምርግጋፅ፡፡

ቀ.ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምንቅስቓስ ውሽጢ ቁፅፅር ብዘይምቁራፅ ብምክትታል ነቶም ኣግባብነት ዘይብሎም ውፅኢታውን ዕውትን ዘይኾነ ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ንብረትን ሓይሊ ሰብን ግቡእን እዋናውን ስርዓት ተሓታትነት ዝተረጋገፀሎም ምኻኖም ምክትታል፡፡

በ. ከይዲ ቁፅፅር በቢ ብርኩ ተግባራዊ እንትግበር ከይዱን ዕላምኡን ብንፁር ምቕማጥ፣ ነቲ ዝተቐመጠ ዕላማ ከሳኽዕ ዘኽእል ስርዓት ውሽጢ ቑፅፅር ብምምራፅ ነቲ ውፅኢት ብምቁፅፃር ነቲ ስራሕ ጠመተ ተዋሂብዎ ይፍፀም ምህላው ቀፃልነት ዘለዎ ክትትልን ቁፅፅርን ምግባር፡፡

## 6.2. ዝርዝር ብርክታት ውሽጢ ቑፅፅር

ሀ.ብምኽንያት ብሓደ ሰብ ምስርሑም ንምጭብርባርን ወይ ከጋጥም ንዝኽእል ስግኣትን ምእላይ ጥፍኣትን ጉድለት ስነ ምግባርን ከየጋጥም ስራሕቲ ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ገንዘብን ንብረትን መዛግብትን ሓይሊ ሰብን ክንዲ ዝከኣል ብዝተፈላለዩ ሰባት ክስርሑ ዝተገበሩ ምኻኖም ምርግጋፅ፡፡

ለ. ፍፃመታት ወይ እታወታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ተደላይ ውፅኢት ንክርከብ ኣድላይ እታወታት ብምፍቃድ ክፍፀሙ ዝግበኦም ብዝምልከቶም ኣካላት ዝትግበር ዘሎ ምኻኑ ምርግጋፅ፡፡

ሐ.ዝኾነ መንግስታዊ ቤት ፅዮን ካልኦት ይግበእና በሃልቲ ኣካላትን ብዛዕባ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣድላይ መረዳእታ ንምእካብን ንምምዝጋብን፣ ንምትግባር፣ ንምጥቕላልን ፀብፃብ ንምቕራብን ንኽእሎም ብመርበብ ቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፅሬት መረዳእታን ዝስማዕማዕ ውሽጢ ቁፅፅርን ዝተዘርገሐ ምኻኑ ምቁፅፃር፡፡

መ.ኣጠቓቕማን ኣተሓላልዋን ሃፍቲ፣ ሰነዳትን መዛግብትን ሓላፍነት ብዝተውሃቦምን ብዝተፈቐደሎምን ሰባት ጥራሕ ዝተገደበ ምኻኑ፣ ዘይተፈቐደሎም ኢዶም ከም ዘየእትው ብግልፂ ዝተነፀሩ ምኻኖም ምክትታል፡፡

ሰ.ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ብዝርዝር ዘቐመጦም ዕላማታት ተግባራዊ ምኻኖም ንምርግጋፅ ብቕዓት ዘለዎ ኣንፈት ቁፅፅር ዝተዘርግሐን ኣብ ተግባር ዝወዓለን ምኻኑ ምቁፅፃር።

## ዓንቀፅ 7. ከጋጥሙ ዝኽእሉ ስግኣታትን

ኣብ ኣብያተ ፍርድና ዝስዕቡ ስግኣታት ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም፡-

1. ኣብ ስራሕቲ ሒሳብ፣ ዕደጋ፣ ከይዲ ጨረታን ፐርፎርማን፣ ኣብ ምፍላይ ሰዓራይ፣ ኣብ ምውፃእ ስፐስፊኬሽን፣ ኣብ ምርግጋፅ ፅሬትን ንብረት ኣታዊ ኣብ ምግባርን፣ ኣብ ምፅዳቕ ጥረ ገንዘብን ካዝናን ባንክን ምምሕዳር ፋይናንስን ገንዘብን ተዛሚዶም ዘይግቡእ ጥቕማ ጥቕሚ ንምርካብ ወይ ዘይሰራሕኻሉ ኣበል ብምድላይ ዝግለፁ ፀገም ኣተሓሳስባን ተግባርን ኣካብነት ኪራይ ከጋጥም ይኽእል፡፡
2. ምስ ምምላእ ነዳዲ፣ ምውፋርን ፅገናን መኻይን ተዛሚዱ ዘይግበኣካ ረብሓ ንምርካብን ጉድለት እንትፍፀም፣ ነቲ ጉድለት ዘይምቅላዕን ሸፋፊንካ ምሕላፍ፣ ዘይግበኣካ ረብሓ ንምርካብ ዘይሕጋዊ ስራሕ ኣብ ፅገና መኻይን፣ ህንፃን ናውትን ኣብ ምምላስ ዝኣረገ/ዝተቓየሩ/ መለዋወጢ ክረአ ይኽእል፡፡

3.ብጥቕሚ ብምትእስሳር ወይ ብሸለልትነት ፅሬት ዘይብሎም ቀዋምን ሃላቕን ንብረታት ኣታዊ ክኾኑ ብምግባር ንብኽነት ገንዘብን ምጉዳል ፅሬትን ኣወሃህባ ግልጋሎትን ክፍጠር ይኽእል፡፡

4. ውፅኢታውነት ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ግምት ዘየእተወ ኣበል ንምርካብ ጥራሕ ተሓሳቢ ብምግባር ፀብፃብን ቁፅፅር ዘይብሉ ፊልድ ብምውፃእ ንዘይተደለየ ገዚፍ ወፃእን ብኽነት ገንዘብን ከቃልዕ ይኽእል፡፡

5. ህፁፅ ስራሕ እዩ ብዝብል ግቡእነት ዘይብሎም ትእዛዛትን ውሳነታትን ብላዕለዎት ሓለፍቲ ክወሃቡ ይኽእሉ፡፡

6. ኣብ ምሕደራ ሓይሊ ሰብ ኣብ ቑፃር፣ ዝውውር፣ ዕብየት፣ ስንብት፣ ዲስፕሊን፣ ምሃብ መረዳእታ ልምዲ ስራሕ፣ ኣብ ምሃብ ነዊሕን ሓጺርን ስልጠና ምምላእ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ፣ ብዕርክነት፣ ብወገንነት፣ ብላዕ፣ ከባቢያውነትን ዝግለፅ ኣካብነት ኪራይ ከጋጥም ይኽእል፡፡

7. ኣብ ምሃብ ምኽርን ምስማዕ ቅርታን ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ንብረትን ሓይሊ ሰብን ኣብ ሓቀኛ መረዳእታን መርትዖን ዘይተመስረተ ውሳነ ሓሳብ ኣብ ምቕራብ ግቡእ ዘይኮነ ርክብን ዝምድናን ክፍጠር ይኽእል፡፡

8.ዝተመደበልካ በጀት ብመሰረት ኣቐዲሙ ዝተተለመ ትልሚ ኣብ ስራሕ ዘይምውዓልን ኣብ መወዳእታ ዓመት ዘይተደለየ ዝውውር ብምፍፃም ዘይሕጋዊ ኣጠቓቕማ በጀት ከጋጥም ይኽእል፡፡

9. ኣብ ኣመራርሓን ፈፀምትን ኣብ ሕግታት ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ንብረትን መዛግብትን ሓይሊ ሰብን ግቡእ ፍልጠት ካብ ዘይምህላው ኣብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ክፍተት ክፍጠር ይኽእል፡፡

10. ኣብ ስራሕቲ ኦዲት ምስ ስራሕቲ ኦዲት ዝተረኽቡ ርካባት ምስ ምግዳፍ ተዛሚዱ ዝሓሸ ርኢቶ ንምሃብ ዝፍጠር ዘይግቡእ ርክብ ክፍጠርን ርካባት ኦዲት ብኣግባቡን ብእዋኑን ዘይክቐርብ ይኽእል።

11.ውፅኢት ሕትመታት ቅድሚ ምሕታሞም ብዝምልከቶ ኣባል ርክብ ህዝቢ ዝተማለአ ስፐስፊኬሽን ኣማሊእኻ ዘይምሃብ፡፡

12.ብመስርሕ ዝወሃቡ ውፅኢት ሕትመታት ኣብ ኣብያተ ሕትመት ምስኣተዉ በብእዋኑ ክትትል ዘይምግባር፡፡

13. ስራሕቲ ውፅኢት ሕትመታት ብፅሬትን ብመሰረት ዝተውሃበ ስፐስፊኬሽንን ዘይምድላው፡፡
14. እዋናዊ ዛዕባታት ፈሊኻ ፅሬት ብዘለዎ ውፅኢት ሕትመት መልእኽቲ ብምድላው ኣብ እዋኑ ዘይምቕራብ፡፡
15. ኣብ ትርጉም ሕግን ሕጊ ተንከፍ ስራሕትን ኣብ ዘይምልከተካ ጉዳይ ኢድ ብምእታው ብሕትመትን ብሚዲያን ክሓልፍ ምግባር፡፡
16. ዝተፈላለዩ ዋኒናት ፍርዲ ፅሬት ብዘለዎ ብሮሸር ኣዳሊኻ ንዝምልከቶ ኣካል ዘይምብፃሕ፡፡
17. ኣብ ዝዳለው ጋዜጣ ካብ ኣብያተ ፍርዲ ዝመፁ ፅሑፋት ብመሰረት ውዕሊ ዝተኻተቱ ምኳኖም ተኸታቲልካ፣ ግቡእ መልእኽቲ ዝሓዘ ምኳኑ ኣፃርዩ ዘይምቕራብ፡፡
18. ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ንዝዳለው መፅሄት ኮሚቴ ክጣየሽ ገይሩ፣ ኣድለይቲ ግብኣታት ኣማሊኡ፣ እዋናዊ ዛዕባታትን ስእልታትን ኣካቲቱ ብመሰረት ስታንዳርድ ኣዳልዩ ዘይምቕራብ፡፡
19. ክውሃቡ ዝግብኦም ፕረስ ኮንፈረንስ፣ ፕረስ ሪሊዝ፣ ፕረስ ብሪፊንግ ብእዋኑ ክወሃብ ዘይምግባር፡፡
20. ዝተውሃበ መግለፂ ኣብ እዋኑ ምምሕልላፉን ዘይምምሕልላፉን ዘይምክትታል፡
21. ኣድላይ ዘይኾነ መልእኽቲ ከይሓልፍ ምስ ጋዜጠኛታት ተዛቲኻ ቅድመ ስራሕ ዘይምስራሕ፡፡
22. ንቤት ፍርዲ ዝምልከቶ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝተውሃቡ ሓሳባትን ርኢቶታትን ካብ ዝተፈላለዩ ውፅኢት ሕትመት፣ ሚዲያን ማሕበራዊ ሚዲያን ኣታኣኻኺብካ ዝሓልፍ መልእኽቲ ዝፈጠሮ መንፈስ ኣመልኪትካ ግብረ መልሲ ዘይምሃብን ክወሃብ ዘይምግባርን።
23. ብሰብ ሞያ ሕጊ ክትንትንን ክዓሙቕን፣ ዝግብኦም ስራሕቲ ብምፍላይ ብኩሉ ዓይነት ኣማራፂ ሚድያ ናብ ኩሉ ክባፃሕ፣ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ትኹረት ክፀንሕ ዘይምግባር፡፡
24. ኣብ ጉዳያት ኣብያተ ፍርዲ፣ እዋናዊ ጉዳያት መሰረት ብምግባር ፅሬት ብዘለዎ መሳርሕታት ካሜራ ብቪድዮን ፎቶን ቐሪፅካ ዘይምስናድን ኣድለይቲ ንዝኾኑ ስራሕትን ውፅኢት ሕትመታትን ኣውፂእኻ ዘይምጥቃምን፡፡

## ዓንቀፅ 8. ንዝቐረቡ ስግኣትን መከላኸሊ ኣሰራርሓታት

1. ኣብ ምሕደራ ፋይናንስ፣ ዕዳጋ፣ ምፅዳቕ ጨረታ፣ ምውጋድ ንብረት፣ ምምዝጋብን ኣታዊ ምግባርን ንብረትን ምሕደራ ሓይሊ ሰብን መዛግብትን ስራሕቲ ኦዲትን ዝረኣዩ ኣተሓሳስባን ተግባርን ኣካብነት ኪራይ ቀፃልነት ብዘለዎ ገምጋምን ቃልስን ብምክያድ ቀፃልነት ዘለዎ ተግባር መሰረት ዝገበረ ህንፀት ምክያድ፡፡
2. ስራሕቲ ፋይናንስ፣ ምምሕዳር ንብረትን ሓይሊ ሰብን ስራሕቲ ዕዳጋን ብመሰረት ሕጊ ክፍፀሙ ምግባርን ካብዚ ወፃኢ ንዝኸይድ ስርዓት ተሓታትነት ምርግጋፅ፡፡
3. ኩሎም ስራሕቲ ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ምምሕዳር ንብረትን ሓይሊ ሰብን፣ ስራሕቲ ውሽጢ ቁፅፅርን ኣጠቓቕማ በጀትን ብመሰረት ዝተትሓዘ ትልሚ ንኽፍፀሙ ብጥቡቕ ዲስፕሊን ተግባራዊ ንምግባር ግቡእ ክትትልን መሪሕነትን ምሃብ፡፡
4. ካብ ምንኣስ ዓቕምን ዋሕዲ ፍልጠትን ኣብ ሕግታት ፋይናንስ፣ ንብረትን ሓይሊ ሰብን ኣሰራርሓ ውሽጢ ቁፅፅርን ብዓርሰ ምምህሃርን፣ ሓፀርቲ ስልጠናታትን ልውውጥ ተሞክሮን ብምክያድ ዝፍትሐሉ ኣንፈት ምኽታል፡፡
5. ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝህብዎ ውሳነን ትእዛዝን ብመሰረት ሕጊ ክፍፀም ክትትል ምግባር፡፡
6. ዘይስሩዕ ኣጠቓቕማን ምሕደራ ሃፍትን በጀትን ከይህልውን ዘይግቡእ ዝውውር ከይፍፀምን ብመሰረት መምርሒ ግቡእን ጥቡቕን ክትትልን ቁፅፅርን ምግባር የድልን ይግባእን፡፡
7. ኣብ ኣፈፃፅማ ክፍሊት፣ ስራሕቲ ዕዳጋን ከይዲ ጨረታን:-

ሀ. ጠለብ ዕድጊት ዝቐርብ ብዝምልከቶም ዳይሬክቶሬታት ብመሰረት እዚ መምርሒ ምስ ዝፀደቐሎም በጀት ኣብ ግምት ብምእታው ጠለብ ሕቶ ዕዳጋ ብቕጥዒ ተመሊኡ ምስ ዝርዝር መግለፅን እቲ ዝዕደግ ንብረት ክቐርብ ይግባእ፡፡

ለ. ጉድለ ዕዳጋ እውን ነቲ ካብ ዳይሬክቶሬታት ዝቐረበሉ ጠለብ ዕዳጋ ጠሚሩ ምስ በጀት ብምዝማድ ንፁር ትልሚ ብምድላው ብዝምልከቶ ኣካል ክፀድቕ ክገብር ኣለዎ፡፡

ሐ. ካብ ትልሚ ወፃኢ ዝዕደጉ ንብረታት ይኹን ካልኦት ዕድጊታት መግለፂ ምኽንያት ብፅሑፍ ክቐርበሎም ይግባእ፡፡

Tigrai Region Supreme Court President Office

8. ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ዘቐርብ ሕቶ ዕዳጋ በጀት ምህላውን እቲ ጠለብ ዕዳጋ ብዝተማልአ መንገዲ ምቕራቡን መርሚሩን ኣረጋጊፁን ክቕበሎን ንኽፀድቕ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ክቕርብን ኣለዎ፡፡

9. ዝፍፀም ዕዳጋ ክንዲ ዝከኣል ብጥሙርን ብግልፂ ጨረታን ክፍፀም ዘለዎ ኾይኑ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ፅገናን መስተንግዶን ካልኦት ክጥመሩ ዘይኽእሉ ንብረታትን ግልጋሎታትን ብፕሮፎርማ ምፍፃም ዝከኣል እንተኸውን ግዘ ዘይህብ ህፁፅን ኣገዳስን ዝኾነ ዝቐርብ ሕቶ ዕዳጋ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ተኣዚዙ፣ ምኽንያቱ ብፅሑፍ ስፈሩን ብመጠን ዋግኡ ተመዚኑን ብቐጥታ ክዕደግ ዝግባእ ዕድጊት ብቐጥታ ክዕደግ ይግበር፡፡

10. ኣብ ከይዲ ጨረታን ፕሮፎርማን ዝቐርብ ውሳነ ሓሳብ እቲ ዝቐረበ ዋጋ ክሳብ ብር 2,000,000.00 /ክልተ ሚልየን ብር/ ዝበፅሕ ብዳይሬክተር ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ክፀድቕ ዝግበኦ እንትኸውን፣ ካብ ብር ክልተ ሚልየን ንላዕሊ እንተኾይኑ ብኣፅዳቒ ኮሚቴ ወይ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ወይ ብዝወከልዎም ክፀድቕ ኣለዎ፡፡

11. ክፍሊት መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ንኹሉ ሰራሕተኛ ዳያኑን ሬጅስትራራትን ብዝምልከቶም ሓለፍቲ ንኻልኦት ሲቪል ሰራሕተኛታት ብዳይሬክተር ዳይሬክቶሬትን ኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ ዝሰርሐሉን ዘይሰርሐሉን መዓልትታት ተነፂሩ ክቐርብ ዝግባእ እንትኸውን ክፍሊት ንኽፍፀም ብዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ፋይናንስን ወይ ድማ ብዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ምስ ፀደቐ ይኸውን፡፡

12. ምፍራም ውዕሊ ኣብ ዝፀደቐ ዋኒን ዝፍፀም ኾይኑ ፋይናንሻል ትሕዝቶ ዘለዎም ውዕላትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ወኪሉ ነቲ ዝፍፀም ውዕሊ ንዳይሬክቶሬት ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝፍረም ይኸውን፡፡

13. ባንኪ ፈረምቲ ክልተ ዋና ፈረምቲ ጉጅለ መራሒ ፋይናንስን ላዕለዋይ ኪኢላ ሒሳብን እንትኾኑ ብተወሳኺ ላዕለዎት ሓለፍትን ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ፋይናንስን፣ ብምኺን ካብ ኣርባዕቲኦም ሓዲኦም ምስ ዋና ፈራሚ ብምኺን ዝፍፀም ይኸውን፡፡ ፈረምቲ ባንኪ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዚደንት ሽም ዝርዝሮም ተገሊፁ ንባንኪ ዝተልኣኸሎም ኣካላት ጥራሕ ይኾኑ፡፡

Tigrai Region Supreme Court

14. ወርሓዊ ካዝናን ባንክን ክተዓረቕ ብምግባር ወርሓዊ ፀብፃባት ሒሳብ ብምስራሕ ኣፈፃፅምኡ ንምግምጋም ናብ ፕሮሰስ ካውንስል በቢ ሰለስተ ወርሒ ክቐርብ ኣለዎ፡፡

15. ሰነዳት ወፃእን ኣታውን ሒሳብ ብኣግባቡ ተዓቂቡ ብመሰረት ስርዓት ፋይናንስ በቢ ወርሑ ንውሽጢ ኦዲት ኣብ ዝድለየሉ እዋን ቀሪቡ ኦዲት ምስ ተገበረ ብውሽጢ ኦዲተር ዝተውሃበ መመሓየሺ ሓሳብ ብኣግባቡን ብእዋኑን ተግባራዊ ምግባርን ግብረ መልሲ እቲ ርካቦትን ካብ ዝቐረበሉ ጊዜ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ንላዕለዋይ ሓላፊ ክቐርብ ኣለዎ፡፡

16. ግልጋሎት ፅገና ተሽከርከርቲ፣ ፅገና ኤሌክትሮኒክስ፣ ፅገና ተገጣጠምቲ ኣቑሑት፣ ሕትመት/ፎቶታት ምልዓል/፣ ናይ ትርጉምን ግልጋሎትን ናይ ሽንት ቤት ፅገናን ካልኦት ግልጋሎታትን ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ብግልፂ ጨረታ ወይ ብፕሮፎርማ ብመጠን ገንዘብ ብምርኣይ ዝፍፀም ኾይኑ ንዓመት ሙሉእ ውዕሊ ብምእሳር ክፍፀም ኣለዎ፡፡

17. ኣብ ጋራጃት ኣብ ፅገና ግዘ ስፔር ኣብ ዝቕየረሉ ቦታ ርኽክብ ክፍፀምን ውልቀ ማህደር ኩለን ተሽርከርቲ ተታሒዙ ነብሲ ወከፍ ተሽከርካሪ ብሓደ ሊትሮ ነዳዲ ክንደይ ኪ.ሜትር ከምትጓዓዝ ብምፅቃን ንነዳድን ፅገናን ዝወፀ ወፃኢ ብምፅብፃብ ብዳሬክተር ፅገናን ተሽከርከርትን ጠቕላላ ግልጋሎትን በቢ ሰለስተ ወርሒ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ከቕርብ ይግባእ፣ ምስዚ ብተወሳኺ ሕቶ ምምላእ ነዳዲ ምስ ቀረበ ምውፋር ተሽከርከርቲ ብኣካል ጌጅ ተሽከርካሪ ብምርኣይ ኣቐዲሙ ዝተመልአ ነዳዲ ብመሰረት ተዓቂኑ ዝተቐመጠን ዝተነፀረ ስታንዳርድ ኣብ ስራሕ ከምዝወዓለ እታ መኪና ዝተጓዓዘትሉ ከረጋግፅ ይግባእ፡፡

18. ኣብ ዝዕደጉ ንብረታትን ግልጋሎታትን ብቕዓቶም ንምርግጋፅ ስፔር ፓርት ውዕሊ ብዝኣሰርናሉ ጋራዥ/ብናይ ባዕልና መካኒክ/ ኪኢላ ኢንስፔክሽን፣ ኮምፒተርን መሳርሕታት ኮምፒተርን ብበዓል ሞያ ቴሓር ካልኦት ብዝተጣየሸ መረጋገፂ ፅሬት ኮሚቴ ወይ ብሓታቲ ክረጋገፅ ክግበር ኣለዎ፡፡

19. ጨረታ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ቃለ ጉባኤ ኣዳሊኻ ክሳብ ምፍርራም፣ ምፅዳቕ፣ ንሰዓራይን ተስዓራይን ብደብዳቤ ምፍላጥ፣ እቲ ንብረት ኣታዊ ክሳብ ዝኸውንን ክሳብ ናብ ክፍሊት ምሕላፍን ዘሎ ስራሕቲ ሓላፍነት ጉጅለ ዕደጋ

እንትኸውን ቀዊሉ ብመሰረት መምርሒ ክፍሊት ክፍፀም ምግባር ሓላፍነት ጉጅለ ፋይናንስ ይኸውን፡፡

20. ከይዲ ጨረታ ተጓቲቱ ዝወድቕ ዕዳጋ ትኽክለኛ ሜላ ዕዳጋ ዘይምምራፅ፣ ብእዋኑ ናብ ክፍሊት ዘይምሕላፍ፣ ዝተማለአ መረዳእታ ዘይምቕራብ፣ ፅሬት ዘይብሎም ንብረታት ምርካብ ሓላፍነት ጉጅለ ዕዳጋ ይኸውን፡፡

21. ኣብ እዋን ክፍሊት ግብሪ ክኸፈል ዘይምግባር ብእዋኑ ዘይምኽፋልን ካልኦት ምስ ምፍፃም ክፍሊት ተኣሳሲሮም ንዝፍጠሩ ምጉልእላእን ምጉታት ስራሕን ሓላፍነት ጉጅለ ፋይናንስ ይኸውን፡፡

22. ድሕሪ ምርካብ ንብረት ንዝፍጠር ጉድለት ቁፅሪ ወይ ምስባር /ምንቃዕ/ ወይ ጉድለት መጠን ንብረት እንተጋጥም ሓላፍነት ጉጅለ ምምሕዳር ንብረት ይኸውን፡፡

23. ተሓዚ ንብረት ንብረት ብኣታዊ ዝምዝግብን ዝቕበልን ብመሰረት ካብ ጉጅለ ዕዳጋ ዝለኣኸሉ ጥማር መግለፂ/ሳመሪ/ ምስ ውዕሉን ፋክቱሩን ብምግንዛብ ትኽክል ምዃኑ ብምርግጋፅን ፅሬት እቲ ንብረት ብመረጋገፂ ኮሚቴ ፅሬት ወይ ብሓታቲ ወይ ብዝምልከቶ በዓል ሞያ ብፅሑፍ ምስ ቀረበሉ በሞዴል 19 ኣታዊ ክገብር ይግባእ፡፡

24. ምስ ምፍፃም ክፍሊት መሃያ ብስርዓት ባንኪ ዝፍፀም ኾይኑ ዝኾነ ክፍሊት ካብ ብር 2,000.00 /ክልተ ሽሕ/ ንላዕሊ እንተኾይኑ ብቼክ ክፍፀምን ስርዓት ፒቲ ካሽውን ብር 30,000.00 /ሰላሳ ሽሕ/ ክኸውን፣ ካብዚ 75% ኣብ ስራሕ ምስወዓለ ተሓዚ ገንዘብ ክትክአሉ ሕቶ ክቕርብ ኣለዎ፡፡

25. ንስልጠና፣ ኪራይ ኣዳራሽን መስተንግዶን፣ ንኣበልን ካልኦት ክፍሊታትን ዝውዕል ገንዘብ ካብ ባንኪ ክወፅእ ምስ ተገበረ ክንዲ ዝከኣል እቲ ክፍሊት ብተሓዚ ገንዘብን ኪኢላ ሒሳብን ክፍፀም ዘለዎ ኮይኑ እዚ ኣብ ዘይከኣለሉ እዋን ተሓዚ ገንዘብ ብኪኢላ ሒሳብ ተረጋጊፁ ብዝተውሃቦ ሰነድ ሒዙ ክፍሊት ክፍፀም ክግበር ይከኣል፣ ዝተረፈ ገንዘብ እንተሃልዩ ብእዋኑ ናብ ባንኪ ተመላሲ ይገብር፣ ሒሳቡ ብእዋኑ የወራርድ፡፡

26. ዝኾነ ሰብ ናብ ፊልድ ክኸይድ ብሰነድ ልቓሕ ገንዘብ እንትሓትት ንስራሕ ዘዋፍሮ ዘሎ ኣካል ኣብቲ ስራሕ ዝፀንሓሉ ግዘ ኣብ ግምት ኣእትዩ ተመጣጣኒ ገንዘብ ይፈቕደሉ፣ እዚ ሕቶ ዝቐረበሉ ዳይሬክቶሬት ፋይናንስ፣ እቲ ናብ ፊልድ

ዝወፍር ዘሎ ሰብ ናብ ስራሕ ዝወፍረሉ፣ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐሉን ዝምለሰሉን ግዘ ኣብ ግምት ብምእታው እቲ ዝቐረበ መጠን ልቓሕ ዝተጋነነ እንተኾይኑ ነክዩ ክፈቅድ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

27. ብዝኾነ ምኽንያት ብሰነድ ልቓሕ ዝወሰደ ሰብ ካብ ስራሕ ምስተመለሰ ኣብ ውሽጢ 7ተ መዓልቲ ስራሕ ሒሳቡ ክወራርድ ኣለዎ፣ እንተዘይተወራሪዱ ናብ ተኣካቢ ክቐየር ኣለዎ፣ ሒሳቡ ዘየወራረደ ዝኾነ ሰብ ሰነድ ኣብ ልዕሊ ሰነድ ክፍቀደሉ ኣይግባእን፡፡

28. ብመሰረት እዚ መምርሒ ኣብ ዝተነፀረ ግዘ ሒሳቡ ዘየወራረደ ዝኾነ ሰብ ኣብታ ክወራርደላ ዝግባእ ዘላ ወርሒ ወይ ቀፂሉ ኣብ ዘሎ ወርሒ መሃያ ተነክዩ ጠቐሊሉ ኣታዊ ክገብር ኣለዎ፡፡

29. ብሰነድ ልቓሕ ዘይወሰደ ናብ ፊልድ ዝወፍር ሰብ እንተሃልዩ ናብ ስራሕ ቅድሚ ምውፋሩ ብዘዋፈሮ ሓላፊ ናበይ ከምዝወፍር፣ ንምንታይ ይወፍር ከምዘሎ ዝብገሰሉ ዕለት፣ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐሉን ዝምለሱሉን ዕለት ዝገልፅ ዝተፈረመ ደብዳበ ክወሃቦን ብቐዳሕ ዳይሬክቶሬት ፋይናንስ፣ ክፈልጦ ይግበር፣ ተመሊሱ ክፍሊት እንትሓትት ምስ ኣቐዲሙ ዝተውሃቦ ደብዳበ ክመሳኸር ይግባእ፣ ሰነድ ተፈሪሙ ካብ ዝተወሰደሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ስራሕ ክወራረድ ኣለዎ፣ እንተዘይተወራሪዱ ናብ ተኣካቢ ክቐየር ኣለዎ፡፡

30. ኩሎም ስራሕቲ ኣብያተ ፍርዲ ውፅኢታውነቶም ክዕቀኑ ስለ ዝግባእ ዝኾነ ሰብ ኣብ ፊልድ በፂሑ ምስ ተመለሰ ሒሳብ ቅድሚ ምውርራዱ ኣብ ስራሕ ኣብ ዝፀንሐሉ እዋን ዝወገኖም ስራሕቲ ዝርዝር ፀብፃብ ዘቕረብ ምዃኑ ከይተረጋገፀ ሒሳብ ክወራረድ ኣይኽእልን፣ ፀብፃብ ምስ ኣቕሪበ እውን ዝወሰዶ ጊዜን ዘምፅኦ ረብሓን ክግምገም ይግባእ፣ እዚ ሓላፍነት ዝምልከቶ ዳይሬክቶሬት ኮይኑ እዚ ዝተፈፀመ ምዃኑ ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ናይ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ይኸውን፡፡

31. ካብ ሓንቲ መኪና ወይ ሞተር ናብ ካሊእ መኪና ወይ ሞተር ዝግበር ምቅይያር ኣቕሓ ፍፁም ዝተኸልከለ እዩ፣ ጥዑይ እናሃለወ ብኻሊእ ሓዱሽ ኣቕሓ ምቕያር ኣይግባእን፣ ኣሪጎም ዝቕየሩ ንብረታት ዝፍፀም መካኒክ ብዝእዝዞ ትእዛዝን መረጋገፅን ኮይኑ ዝተቐየረ ስፔር ዘገልገለ ተባሂሉ ብሞዴል 19 ተመዝጊቡ ናብ መኽዝን ተመላሲ ክግበር ኣለዎ፣ ንመጋየዒ ዝግዝኡ ንብረታት ካብ ተጠቃሚ

መራሒ መኪና መረጋገፂ ምስ ቀረበሎም ናብ መኸዝን ኣታዊ ክኾኑን ካብ መኸዝን ወፃኢ ኮይኑ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይግበር፡፡

32. ዝግጠም ሓዱሽ ጎማ ኣብ ከይዲ ከይቕየር ቁፅሩ ብኣግባቡ ክተሓዝ ወይ ምልክት ክግበረሉ ብሓላፍነት ወፃኢ ክኸውን ዝፈረመ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ኮይኑ ብመሰረት እዚ ስርዓት ዝተፈፀመ ምኳኑ ብቐፃልነት ምክትታልን ምቁፅፃርን ሓላፍነት ጉጅለ ምምሕዳር ንብረት ይኸውን፡፡

33. ኣብ ምምላእ ነዳዲ ሕድሕድ መኪና ወይ ሞተር ብሓደ ሊትሮ ክንደይ ኪሎ ሜትር ከምእትኸይድ ብምልካዕን ብምዕቃንን ስታንዳርድ ወፂኡሉ ክትግበርን እታ መኪና ወይ ሞተር ዝኸደቶ ርሕቐት እናተርኣየን እናተረጋገፀን፣ ንመን ሰብ ከምዝተፈቐደ፣ ሕጋዊ ብዝኾነ ኩፐን ክምላእን፣ ሒሳብ እንትወራረድ እውን ነዚ ማእኸል ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ፡፡

34. ዝወሃባ ኮምፒተራት መፍለይ ቑፅረን/ሲሪያል ናምበር/ ብኣግባቡ ክምዝገብን በቢእዋኑ ብተሓዚ ንብረትን ብመዝጋቢ ንብረትን ክረጋገፅ ይግባእ፣ ዝኣረጋ /ዝገልገላ/ ኮምፒተራት እንትቕየራ ምስ ሙሉእ ኣካላተን ምህላወን ብበዓል ሞያ ቴሓር ብፅሑፍ መረጋገፂ እናቐረበሉ ዝፍፀም ይኸውን፡፡

35. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 28 ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኾይኑ ኮምፒተር፣ ካሜራ፣ ፕሪንተር፣ ፎቶኮፒ ማሽንን ካልኦት ኣቑሑት ኤሌክትሮኒክስን ዝሓዘ ሰራሕተኛ ኣረጋ ኣይትሰርሕን ተባሂላ ብበዓል ሞያ ቴሓር ተመርሚራን ተረጋጊፃን ክትቅየር ኣለዋ፣ ይኹን እምበር ካብ መኸዝን ሓዱሽ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሓ ወፃኢ ዝግበር ብሓታቲ በጀት ዝተዓደገ ምኳኑ ተረጋጊፁ ብውሳነ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝፍፀም ይኸውን፣ ብበጀት ሓታቲ ዘይተገዝአ እንተኾይኑ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝውሰን ይኸውን፡፡

36. ዝኾነ ሰራሕተኛ ብሓላፍነት ዝተውሃቦም ንብረትን ሃፍትን መንግስቲ ብኸንክን ክሕዝን ክሕልውን ሓላፍነት ዘለዎ እንትኸውን እቲ ንብረት ዘለዎ ኩነታት በቢግዚኡ ምምሕዳር ንብረት ክፍልጥ፣ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ሓደጋ እንተበፂሕዎ ብእዋኑ ምስ ብቑዕ መረዳእታ ኣተሓሒዙ ክፍልጥ ግቡእ ኣለዎ፡፡

37. ኣጠቓቕማ መኪና ምስ ዘሎ በዝሒ ስራሕ ብጥንቃቐ ብቑጠባን ክፍፀም ዘለዎ ኮይኑ ድሕሪ ሰርቪስ ምሃብ ብምውፋር ተሽከርከርቲ ተጠርኒፈን ብመውፅኢ ግልጋሎት ክህባ ይግበር፤ ይኹን እምበር ፃዕቒ ስራሕ ዘለወን ዳሬክተራት

ብኪኢላታት ወይ ሰብ ሞያታት ርኢቶ መኪና ምስ ዝቐረበ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ እቲ ስራሕ ክንደይ ግዘ ከምዝወሰድ ንዝቐረበሎም ሕቶ ኣዋፃኣይነቱን ኣገዳስነቱን ብምግምጋም ክውሰን ብምግባር ባዕለን ከዋፍራ ምስተፈቐደ ተግባራዊ ይኸውን፡፡

38. መኪና ተፈቒድሉ ዝዋፈር ክኢላ ወይ ፈፃሚ ስራሕ ናይታ ዝወፈረት መኪና ነዳዲ፣ መሕደሪ ቦታን ዝፀዓነቶ ነገርን ሙሉእ ሓላፍነት ናቱ ምኳኑ ፈሊጡ ክከታተል ዝግበኦ ኾይኑ ኣብ ኣጠቓቕማን ምሕደራን ንዝፍጠር ጉድለት ተሓታቲ ይኸውን፡፡

39. ኣብ ዘለዋ መኪናን ዝቐርብ ጠለብ መኪናን ዘሎ ኣፈላላይ ሰፊሕ ስለ ዝኾነ ነዚ ንምውዳድ መኪና ኣብ ዘይህልዋሉ በፂሕኻ ንምምላስ ኣብ ዝከኣል ቦታ ንዝህሉ ስራሕ ወይ ንስልጠናን ካልእ ስራሕን ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ብመጓዓዝያ ህዝቢ /ትራንስፖርት/ ምጥቃም ይከኣል፡፡

40. ኣብ ከተማ ንዝወሃብ ግልጋሎት መጓዓዝያ ክንዲ ዝተኸኣለ ብጥርኑፍ ብመውፅኢ ወረቐት ክኸውን ኣለዎ፡፡

41. ኣብ ቤት ፅዮና ዘለዋ ተሽከርከርቲ ብዘይካ ናይ ፕረዝደንትን ምክትል ፕረዝደንትን ካልኦት ተሽከርከርቲ ኣብ ቐፅሪ ቤት ፍርዲ ተጠርኒፈን ይሓድራ፣ ካብዚ ወፃኢ ዳይሬክተራት ስራሕ እንተጋጥሞም ወይ እታ መኪና ኣብ ደገ ዘሐድር ኩነታት እንተተፈጢሩ ዳይሬክተራት ብፅሑፍ ሓቲቶም ብላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ምስ ተወሰነ ዝፍፀም ይኸውን፡፡

42. ኣብ ደገ ዝሓድራ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ምስ ተፈቐደ ዝምልከቶም ዳይሬክተራት ንገናሕቲ መኻይን ኣብቲ ዝተፈቐደ ቦታ ይሓድራ ምህላወን ክትትል ክገብሩ ይግባእ፡፡

43. ሓደ መራሒ መኪና ኣብ ስራሕ ኣብ ቢሮ እናሃለወ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ካብ ዝተፈቐደ መሕደሪ ወፃኢ ኣብ ፊልድ እንተኾይኑ ምስኡ ዝኸደ ሓላፊ ወይ በዓል ሞያ ካብ ዝፈቐደሉ ወፃኢ መኪና እንተሕዲሩ ብሓላፍነት ዘሕትቶ ይኸውን፡፡

44. ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎት መኪና እዋን ስራሕ ኣብ ምቑጣብ ኣስተዋፅኦ ክህልዎ ስለ ዝግባእ ኣብ መእተውን መውፅእን ስራሕ ሰዓት ክዳፉእ ከም ዘይግባእን ንዝፍጠር ጉድለት ተሓታትነቱ ንመራሒ መኪና ይኸውን፡፡

45. እቲ ዝወሃብ ግልጋሎት ሙሉእን ንተገልገልቲ ዘዕግብ ምዃኑ ንምርግጋፅ በቢ 6 ወርሑ ዕግበት ክምላእ ከምዘለዎ ግልፂ ኮይኑ ኣብ ከይዲ ኣዋህባ ግልጋሎት ቅርታ ዘለዎ ወይ ሕቶ ዘለዎ ምስቲ ዳይሬክቶሬት ክውድእ ዘይከኣለ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣቕሪቡ መፍትሒ ክረክብ ይኽእል፣ ብዝኾነ መልክዑ ካብ ተገልገልቲ ዝቐርብ ርኢቶ ወይ ቅርታ በቢ ግዘኡ እናተፈተሸ እኹል መብርሂ ብፅሑፍ ክወሃቦ ኣለዎ፡፡

46. ንብረት ኣብ መመዝገቢ መዝገብን ቅጥዕታትን በቢ መዓልቱ ይምዝገብ፣ ምስ ቢን ካርድ ይመዛዘን፣ ኮሚቴ ቆፀራ ንብረት ክጣየሽ ብምግባር ኣብ ዓመት 2 ግዜ በቢ 6 ወርሑ ክቚፀር፣ እንተዘይተኻኢሉ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ቆፀራ ንብረት ክካየድ ኣለዎ፣ ክውገድ ዝግበኦ ንብረት በቢ 3 ወርሑ ክፍፀም ኣለዎ፡፡

47. ብመሰረት እዚ መምርሒ ስርዓት ኣተሓሕዛ ወፃእን ኣታውን መግበሪ ሰነዳት፣ ኣወሃህባ መፍለይ ኮድ ቀዋሚ ንብረትን ስራሕቲ ኣብ ኣብያተ ፍርድና ክተኣታቶን ኣብ ተግባር ክውዕልን ኣለዎ፡፡

48. ዝተማለአ ፀብፃብ ኩሎም ሒሳባት ባንኪ፣ ምትዕራቕ ባንኪ፣ ቆፀራ ጥረ ገንዘብ ካዝና፣ ፀብፃብ ተኣከብትን ተኸፈልትን ሒሳባት፣ ክእከብ ዝግበኦ ግብሪ ምእካብ ዊዝሆልዲንግ፣ ቫት፣ ስራሕ ግብሪ፣ ጡረታን ካልኦትን ብዝተነፀረሎም ሰደቓ ጊዜ ተፈፂሞም ናብ ዝምልከቶ ክበፅሑ ምግባር ሓላፍነት ጉጅለ ፋይናንስ ይኸውን፣ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ፋይናንስ፣ በቢ ጊዚኡ እናተኸታተለን እናገምገመን ከረጋግፅ ኣለዎ፡፡

49. ኩሎም ሒሳባት ስሩዕ ኮነ ካብ ገበርቲ ሰናይ ዝተለገሰ ገንዘብ በቢ መዓልቱ ኣብ ኣይቤክስ ክሰፍር ብምግባር፣ ጥረ ገንዘብ እውን በቢ ሰሙኑ ምስ ለጀር ምምዝዛን እናተገበረ ክኸይድ ምግባር ሓላፍነት ጉጅለ ፋይናንስ እንትኸውን ውሽጢ ኦዲተር እውን እዚ ስርዓት ብኣግባቡ ይፍፀም ከም ዘሎ ቼክ ሊስት ኣዳልዩ ክከታተልን ከረጋግፅን ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

50. ብዳይነት ገንዘብ ተሓዝቲ ብመልክዕ ኣታዊ ቅብሊት ዝተፈረመሉ መጠን ገንዘብ ልዕሊ ብር 10,000.00/ዓሰርተ ሽሕ ብር/ እንተኾይኑ በቢ መዓልቱ ብተሓዚ ገንዘብ ናብ ባንኪ ኣታዊ ክግበር ኣለዎ፡፡

51. ምሕደራ በጀት ኣብያተ ፍርድና ብመሰረት ዝተዳለወ ካሽ ፍለውን ኣክሽን ፕላንን ክፍፀም፣ ዝግበር ዝውውር በጀት ብመሰረት እዚ መምርሒ ክፍፀምን ዝውውር በጀት ኣብ እዋኑን ብላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ክፍፀምን ኣለዎ፡፡

52. ክፍቲ መደብ ስራሕ ብሓይሊ ሰብ ዝምላእ ፈለማ በጀት ዝተትሓዘሉ ምዃኑ ምስተረጋገፀን ብዝምልከቶ ዳይሬክቶሬት ሕቶ ምምላእ ክፍቲ መደብ ስራሕ ብፅሑፍ ምስ ቀረበ ይኸውን፡፡

53. ከይዲ ኣመላልኣ ሕቶ ሓይሊ ሰብ ዝፍፀም ዳይሬክቶሬት ደገፍን ክትትልን ብዳይሬክቶሬት ልምዓታዊ ትልምን ዳይሬክቶሬት ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብን ብምምኽኻር ዝፍፀም ይኸውን፡፡

54. ዝግበር ቁፃር፣ ዝውውር፣ ዕብየት፣ ወሰኽ መሃያ፣ ስንብት፣ ምምላእ ውፅኢት ተኮር፣ ገምጋምን ስርርዕን ሕግን ኣሰራርሓን ተኸቲሉ፣ ኣብ ግልፅነትን ተሓታትነትን ተመስሪቱ፣ ካብ ኣድልዎን ወገንነትን ነፃ ኮይኑ ክፍፀም ሓላፍነት ጉጅለ ምምሕዳር ምዕባለ ሓይሊ ሰብን ጥቕማ ጥቕሚን ስራሕተኛታትን ኾይኑ በቢ ዝምልከቶም ስራሕቲ ምክትታልን ምምራሕን ሓላፍነት ዳይሬክተር ደገፍን ክትትልን ዳይሬክቶሬት ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብን ይኸውን፡፡

55. በቢ ብርኩ ዘሎ ሲቪል ሰራሕተኛ ኣተሓሳስባ መገልገላይነት ህዝቢ ክውንን፣ ኣተሓሳስባን ተግባርን ኣካብነት ኪራይ ብፅንዓት ክቃለስ፣ ንባዕሉ ነፃ ኾይኑ ስሉጥን ውፅኢታውን ኣገልግሎት ንህዝቢ ክህብን ኣብ ምርግጋፅ ልዕልነት ሕግን ምስፋን ሰናይ ምምሕዳርን እጃሙ ንኸወፊ ብትልሚ ዝተመርሐ ተግባር መሰረት ዝገበረ ሰሙናዊ ዘተ ኔት ወርክ፣ ወርሓዊ ዓርሰ ምምህሃር፣ ገምጋምን ስርርዕን ክካየድን ኣብ መፅናዕቲ ተመስሪቱ ኣብ ዝተነፀረ ክፍተት ዓቕሚ ኣብ ኣዋጃት፣ ደንብታትን መምርሕታትን ሓፀርቲ ስልጠናታት ክወሃብን ውፅኢቱ ክዕቀንን ምግባር ሓላፍነት ዳይሬክተር ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብን እንትኸውን ብዘይካ ስራሕቲ ስልጠናን ምድህሳስ ውፅኢት ስልጠናን ሓላፍነት ዝምልከቶም ዳይሬክተራት ይኸውን፡፡

56. ብመሰረት ዝመሓደርሉ ሕጊ ሲቪል ሰራሕተኛታትን ዘለዎም ዓመታዊ ዕረፍቲ ትልሚ ወፂኡሉ ተግባራዊ ክኸውን፣ ክዛወር ዝግበኦ ብሕጊ መሰረት ክዛወርን ብምኽንያት ኣብ እዋን ዕረፍቱ ብምስርሑ ክፍሊት ብገንዘብ ክወሃቦ ዝግባእ ኣብ እዋን ዕረፍቱ ንኽሰርሕ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ዝተኣዘዘ ምዃኑ መረዳእታ

ፅሑፍ ምህላው ብምርግጋፅ ክፍሊት ክፍፀም ሓላፍነት ሕድሕድ ዳይሬክተራት ይኾውን፡፡

57. ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ነባርን ሓዱሽን ሰራሕተኛ ብመሰረት ሕግን ስርዓት ውፅኢት ተኮርን ግዜኡ ሓልዩ ኣብ መረዳእታ ተመስሪቱ ክምላእን ሕድሕድ ሰራሕተኛ ምስ ፈረመሉ ኣብ ውልቀ ማህደር እቲ ሰራሕተኛ ክተሓዝን ኣብዚ ዝረኣዩ ዝንባለታት ብምክትታል ክግምገሙን ክስተኻኸሉን ምግባር ሓላፍነት ዝምልከቶም ዳይሬክተራት እንትኸውን በቢ ጊዚኡ ዝምላእ ውፅኢት ናብ ኮምፒተር ኣትዩ ትንተና ክስረሐሉን ዘሎ ምዕባለ ምክትታልን ሓላፍነት ጉጅለ ምምሕዳርን ኪኢላን ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ይኸውን፡፡

58. ንሓፂር ስልጠና ዝለኣኹ ሰባት በቢ ዝምልከቶም ክለኣኹ ዝግባእ እንትኸውን ከከም እቲ መፀዋዕታ ዝገበረ ቤት ዕዮ ድልየት ዝኸይድ ኮይኑ እቶም ስልጠና ዝወሰዱ ሰራሕተኛታት/ሓለፍቲ/ ካብ ስልጠና ምስ ተመለሱ ነቲ ትካል ወይ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንዳይሬክቶሬቱ ወይ ንካልኦት ኪኢላታት ክሰልጥን ኣለዎ፣ ኣብ ሓፂር ስልጠና ዝወሃብ ስልጠና ንውሱናት ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን ብተደጋጋሚ ክወሃብ የብሉን፡፡

59. ምስ ትካላት ትምህርትን ስልጠናን ወይ ድማ ምስ ሰልጠንቲ ከምኡ'ውን ምስ ውልቀ ኣሰልጠንቲ ዝግበሩ ውዕላትን ናይ ክፍሊት መኣዘዝታትን ብዳይሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ይፍፀሙ፡፡

60. ብዘይፍቓድ ካብ ስራሕ ዝተረፈን ምኽንያት መትረፊኡ ሒዙን ዝመፅእ ምስ ዳይሬክቶሬቱ ብምርኻብ እቲ ዘቕረቦ ምኽንያት ሓቃውነቱ ምስ ተፃረየ መወዳእትኡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ክፈልጥዎ ኣለዎም፡፡

61. ምስ ገንዘብ፣ ንብረትን ተሸከርከርትን ርክብ ዘለዎም ነባራት ኪኢላታት ይኹኑ ሓደሽቲ ዝተቖፀሩ ሰራሕተኛታት ምስ ዝሕዝዎ መጠን ሃፍቲ ዝመጣጠን ውሕስና ክገብሩን ዘተሓዝዎ ውሕስና ኣብ ዝኣትውዎ ውዕሊ ብገንዘብ ተገሊፁ ክትሓዝን ክግበር ኣለዎ፤ ብተወሳኺ ኣብ ቦትኡ ምህላው ምክትታልን ሓላፍነት ዳሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ይኸውን፡፡

62. ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ሰራሕተኛ እንትቑፀር ከከም ኣግባብነቱ ብመሰረት ደንቢ መተሓዳደሪ ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ቢሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 01/2016 ዓ/ም ኣማሊኡ ክቑፀር ኣለዎ፤ ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ

ገንዘብን ንብረትን መንግስቲ ከየረከበ እንተጠፊኡ ምልክታ ብምውፃእ ሰራሕተኛ እንተኾይኑ ብእዋኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክፈልጦ ክግበር ኣለዎ፡፡

63. ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ዝተማልአ ስነ-ምግባርን ምዕሩይ ኣሰራርሓ ክህሉን ግልፅነትን ተሓታትነትን ክሰፍን ንምግባር በቢ ዳይሬክቶሬቱ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ዘቕረብሉን ባዕሉ ንዝረኸቦም ጉድለት ስነ ምግባርን ኮሚቴ ብምጥያሽን ብምፅራይን ትኽክለኛ ውሳነ ክወሃብ ምግባር፣ ከከም ኣድላይነቱ ከሲሱ ምክርኻርን ክውስነሎምን ካልኦት ክመሃርሉን ምግባር ሓላፍነት ዳሬክተር ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ይኸውን፡፡

64. ብሓፈሻ ደንቢ መተሓዳደሪ ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ቢሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 01/2016 ዓ/ም ከይጠሓሱን ክኽበሩን እንህቦ ግል.ጋሎት መሳለጢ ኮይኖም ከገልግሉን ኩሉ ሰራሕተኛ ክፈልጦምን ክኽብሮምን ክመርሐሎምን ንምግባር ክመሃር፣ ክግምግምን ክድገፍን ኣለዎ፡፡

65. ውሽጢ ኦዲት ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ብዝፈጥሮ ምንቅስቓስ ቤት ዕዮና ንምምሕያሽ ብዝኽእል መልክዑ ዝቕረፅን ነፃን ዘይሻራውን ዝኾነ ተግባር ምርግጋፅን ምሃብ ግል.ጋሎት ምኽርን እንትኸውን ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ብቐሊሉ ተቓላዓይነት ዝረኣየሎም ምንቅስቓሳት ብዝግባእ ንምምራሕ፣ ንምቁፅፃርን ንምምሕዳርን ዝተጣየሸ ዳይሬክትሬት ኮይኑ ውፅኢታውነት ስራሕ ንምግምጋም ብዝኽእል ስልትን ዲስፕሊንን እናተመርሐ ዕላማ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ሽቶኡ ንምብፃሕ ዝሰርሕ እዩ፡፡

66. ውሽጢ ኦዲተር ንዝህቦ ምስክርነት ተኣማንነት ንክህልዎ ስነ-ምግባሩ ዝተመስገነ ዕለታዊ ስርሑ ንዋና መንነቱ ዘንፀባርቕ ክኸውን ስለ ዝግባእ ኣብ ዝሰርሖም ስራሕቲ ተኣማንነትን ግልፅነትን ዘለዎ ስራሕ ክሰራሕ ኣለዎ፡፡

67. ንዝካየድ ስራሕቲ ኦዲት ብመሰረት ኣዋጅ፣ ደንቢ፣ መምርሕን ማንዋልን ኣሰራርሓን ፋይናንስ፣ ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ሓይሊ ሰብን ኣብያተ ፍርዲ ክልልና ተመሪሑ ጥራሕ ክፍፀም ኣለዎ፡፡

68. ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ሒሳብ በቢ እዋኑ ብትልሚ ተመሪሑ ሙሉእ ብሙሉእ ብምርኣይ ሙሉእ ውሕስና፣ ትኽክለኛን ሚዛናውን ርኢቶ ንምሃብ ዘኽእል ክኸውን ኣለዎ፡፡

69. ኣብ እዋን ኦዲት ብመሰረት ዝተኣከበ መረዳእታን ምስ ዝተቐመጠ መዐቀኒ ብምንፅፃር ክኸውን ዝግበኦ ርኢቶ ምሃብ ሓላፍነት መተሓባበርን ውሽጢ ኦዲትን ሓቢሮም ዝሰርሑ ኪኢላታትን እዩ፡፡

70. ብኦዲተር ዝወሃብ ርኢቶ ኣብ ጭቡጥ መረዳእታ ክምስረትን እቲ መረዳእታ ክጠፍኣኒ እዩ ኢሉ እንተኣሚኑ ፎቶኮፒ ገይሩ ኣመሳኺሩ ክሕዝን ኣለዎ፣ ኣብ ዝሓዞ መረዳእታ ዝህሉ ምዝናፍ ሙሉእ ሓላፍነት ዝወስድ ባዕሉ እቲ ኦዲት ዝገበረ ኣካል ይኸውን፡፡

71. ዝተውሃቡ ርኢቶታትን ዝተትሓዙ ርካባትን ኣወሳስዳ መርኣያን ብዝምልከት ብመሰረት መምርሒ ምኽኒ ምርግጋፅን ነቲ ርኢቶ ንምድጋፍ ወይ ብመረዳእታ ንምፍራስ ሓላፍነት ኣካላት ኦዲት እዩ፡፡

72. ዳይሬክተራት ዝመፁ ፀብፃባት ኦዲት ንመወዳእታ ግዘ ብመሰረት መዐቀኒ ዝተውሃበ ርኢቶን ዝተበፅሐ መደምደምታን ብምርኣይ ዝስተኻኸል ኣስተኻኺሎም ዝተማለአ መልሲ ክህቡ ኣለዎም፡፡

73. ውሽጢ ኦዲተር ኣብ ዘካየዶ ኦዲት ማንም ጣልቃ ክኣቱ የብሉን፣ ይኹን እምበር ብወድዓዊ ዝኾነ መበገሲ ተበጊሱ ትልሚ ኦዲት እንተዳሎ ክውስኽ ወይ ክንኪ ዝግበኦ እንተሃልዩ ርኢቶ ክህበሉን ክመሓይሽዎን ይኽእሉ፡፡

74. ኦዲተራት ድሕሪ ፀብፃብ ኦዲት ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ምቕራቦም ኣብ ርካባት ዝተርኣዩ ክፍተታት መስተኻኸሊ ክግበር ክሕተቱ የብሎምን፣ ብዛዕባ ዝነበረ ኩነታትውን ንኻልኦት ኣሕሊፎም ክህቡ ኣይግባእን፡፡ ይኹን እምበር ፕረዝደንት እንተፈቕድ ክህቡ ይኽእሉ፡፡

75. ኣብያተ ፍርዲ ብዝተውሃቦም ርኢቶን ብዝቐረበ ፀብፃብ ኦዲትን መልሲ ምሃብ ግቡእ እንተኸውን ኣብ ዝተውሃበ ፀብፃብ እቲ ዝተውሃበ መልሲ ነቲ ርካብ ብግቡእ ዝመለሰ ምኽኒ ብምግምጋም ዘይተመለሱ ዛዕባታት ፈሊኻ ብመሰረት ሕጊ ዘይመለሱ ኣካላትውን ብምንፃር በቢ እዋኑ ንወሃብቲ ውሳነ ምቕራብ ሓላፍነት ውሽጢ ኦዲት ይኸውን፡፡

76. ውሽጢ ኦዲተራት ምስተመርመርቲ ዳይሬክቶሬታትን ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን ዘለዎም ርክብ ፍፁም ነፃን ንርኢቶ ኦዲቶም ናብ ጥርጣረ ዘየእቱን ክኸውን ኣለዎ፡፡

77. ኣብ ምውሳድ ፀብፃብ ኦዲት ኣብ ፀብፃብ ካብ ዝተገለፀ ወፃኢ ምፅሓፍ ወይ ብመጠን ዝተፈለየ ብምፅሓፍ ትሕዝቶ እቲ ፀብፃብ ምዝባዕ ከይፍጠር ብጥንቃቐ ክሰራሕ ኣለዎ፣ እንተዘይኮይኑ ተሓታትነት ክረጋገፀሉ ይግባእ፡፡

78. ዝኾነ ሰራሕተኛ ንኣበል ዝወሰዶ ቅድመ ክፍሊት ስራሕ ወዲኡ ኣብ ዝተመለሰሉ እዋን ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ከወራረዶ ዝግባእ ኾይኑ ንኣፈፃፅምኡ ብጥቡቕ ክትትል ክግበረሉ ኣለዎ፡፡

79. ኣብ ውሽጢ ኦዲተራት ዝግበር ፅዕንቶ እንተጋጥም እቲ ፅዕንቶ ዝፈጠረ ኣካል ብመሰረት እዚ መምርሒ ተሓታቲ ይኸውን፡፡

80. ውሽጢ ኦዲተር ብውሽጢ ኦዲት ወይ ብደገ ኦዲት ዝወሃቡ ርኢቶታት መሰረት ብምግባር በቢ ግዚኡ ምክትታልን ዝበፅሕዎ ብርኪ በቢ እዋኑ ናብ ዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍትን ዳይሬክቶሬት ፋይናንስ፣ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ከፍልጥ ግቡእ ኣለዎ።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ግደ ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣብ ምስኻዕ ስራሕቲ ውሽጢ ቁፅፅር

### ዓንቀፅ 9. ግደ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ

1. ትልሚ ምሕደራ ፋይናንስ፣ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን፣ ሓይሊ ሰብን ስራሕቲ ውሽጢ ቁፅፅርን ብእዋኑን ብዝድለ ፅርየትን ዝተዳለወ ምኻኑ ኣረጋጊፆም ከፅድቑ፣ ንኣፈፃፅምኡ በቢግዚኡ እናተኸታተሉን እናገምገሙን ክመርሕዎ ይግባእ፡፡
2. ልዕሊ ክልተ ሚልየን ብር ዝዋግኡ ብጨረታ ዝዕደግ ንብረት ወይ ግልጋሎት ዝተማለአ ሰነድን ቃለ ጉባኤን ዝቐረበሉ ምኻኑ ኣረጋጊፆም ከፅድቅዎ ወይ ውድቂ ክገብርዎ ኣለዎም፡፡
3. ብምኽንያት ብውልቀ ሰብ ምስርሑ ንዝፍጠር ስግኣት ንምንካይ ኮሚቴ ጨረታ፣ ኮሚቴ መፅናዕቲ ዕደጋ፣ ኮሚቴ ምውጋድ ንብረት፣ ዝሸየጥ ዘገልገለ ንብረት ዋጋ ዝግምት ኮሚቴ፣ ኮሚቴ ቆፀራ ንብረት ፣ ኮሚቴ ዲስፕሊን፣ ኮሚቴ ዕብየት፣ ኮሚቴ ዝውውር፣ ከከም ኣግባብነቱ የጣይሽ ወይ ክጣየሹ ይገብር፣ ብሕጊ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ኣካላት ዘጣየሹ ምኻኖም ይከታተል፡፡
4. ዘይተገመተን ብጣዕሚ ኣገዳሲ ስራሕ እንተዘይኣጋጢሙ ዝፀደቐ በጀት ብትልሚ ካብ ዝተትሓዘ ወፃኢ ኣዛዋዊርካ ምጥቃም ኣብ ስራሕ ከይውዕል ብጥብቂ ክከታተልዎን ክመርሕዎን ኣለዎም፡፡
5. ኣብ ምዕዋት ስራሕቲ ውሽጢ ቁፅፅር ብፅሒት ዘለዎም ዳይሬክቶሬት በቢ ሰለስተ ወርሑ ፀብፃብ ከቕርቡን ክሰራርዑን ክገብሩ ኣለዎም፡፡
6. ስርዓት ዕደጋ ካብ ዝፈቕዶ ወፃኢ ቐጥታ ዕድጊት ክፍፀም ወይ በጀት ዘይተትሓዘሉ ዕድጊት ክፍፀም ክእዝዙ የብሎምን፡፡
7. እዚ መምርሒ ብኣግባቡ ክፍፀምን ነዚ መምርሒ ብምጥሓስ ጉድለት ንዝፍፅሙ ሓለፍቲ ስራሕን ሰራሕተኛታት ተሓታትነት ንምርግጋፅ ክሰርሑ ኣለዎም፡፡
8. ብውሽጢ ኦዲተር ወይ ብኦዲተር ደገ ዝወሃብ ርኢቶን ርካባትን ብኣግባቡ ግብረ-መልሲ ክወሃበሉን ክስተኻኸልን ክገብሩን ብእዋኑ እቲ ዝተውሃበ ግብረ መልስን ግልፅን ዝምልከቶም ኣካላት ብፅሑፍ ክበፅሕ ክገብሩ ግቡእ ኣለዎም፡፡
9. ኣብ ስራሕቲ ውሽጢ ቑፅፅር ንዝረኣዩ ፀገማት ኣተሓሳስባን ክእለትን ንምፍታሕ ዝሕግዙ ዝፍፀሙ ተግባራት መሰረት ዝገበረ ህንፀትን ስልጠናታትን ብእዋኑ

ከካይዱ ውፅኢታውነቶምን ፀገም ፈታሓይነቶምን ክዕቀኑን ግቡእ ኣመራርሓ ክህቡ ኣለዎም፡፡

10. ኣብ ስራሕቲ ውሽጢ ቁፅፅር ንዘጋጥሙ ዓበይቲ ፀገማት ናብ ፕሮሰስ ካውንስል ብምቕራብ ክውሰኑን መፍትሒ ክረኽቡን ክገብሩ ኣለዎም፡፡

11. ካብ ዝተፈላለዩ ማእኸላት /ኮስት ሴንተር/ወፃኢ ብጥሙር ክዕደጉ ዝግበኦም ኣገደስቲ ንብረታት እንትህልው ብፕሮሶስ ካውንስል ተወሲኑ ክፍፀም ክገብሩ ኣለዎም።

**ዓንቀፅ 10. ግደ ዝተፈላለዩ ዳይሬክቶሬታት**

1. ኣብ ትሕቲ ዳይሬክቶሬቶም ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ከከም ኣግባብነቱ ዝሰርሑን ዘይሰርሑሉን መዓልቲ ብፅሑፍ ንኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ ወይ ምውፋርን ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ በቢ ወርሑ ዕለት 20 ዝርዝር ከቕርቡ ኣለዎም፡፡
2. ሕድ ሕድ ዳይሬክተር ንስራሕ ዘዋፈሮ ሰብ እንትህሉ እቲ ስራሕ በጀት ዝተትሓዞሉ ምኽኑ ብምርግጋፅ እቲ ሰራሕተኛ ዝብገሰሉ ዕለት፣ ዝምለሰሉ ዕለት፣ ኣብ ስራሕ ዝፀንሓሉ ግዜ ነፂሩ ብፅሑፍ ንዳይሬክቶሬት ፋይናንስ፣ ከቕርብ ኣለዎ፡፡
3. ኣብ ኣመራርሓን ሰራሕተኛን ኣብያተ ፍርዲ ዝረኣዩ ፀገማት ኣተሓሳስባን ክእለትን ንምፍታሕ ዝሕግዙ ብትልሚ ዝተመርሑ ሰሙናዊ ዘተ በቢ ክፍሉ፣ ወርሓዊ ዓርሰ ምምህሃርን ወርሓዊ ገምጋምን ስርርዕን ኣብ መፅናዕቲ ዝተመስረተ ሓፀርቲ ስልጠናታት ከካይዱን ውፅኢታውነቶም ክግምግምን ክልካዕን ክገብሩ ኣለዎም፡፡
4. ሕድሕድ ዳይሬክተር ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ስራሕ ሰዓት ከኽብሩን ብኣግባቡ ንህዝቢ ከገልግሉን ቐፃልነት ዘለዎ ደገፍን ክትትልን ክገብሩ ጉድለት ዲስፕሊን ንዘርኣዩ ብዝምልከቶም ሕጊ ተሓተቲ ክገብሩ ኣለዎም፡፡
5. ንፁር መረዳእታ ብምሓዝ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ሰራሕተኛታት በቢ 6 ወርሑ ብምምላእ ናብ ዝምልከቶ ከቕርቡ ኣለዎም፡፡
6. ብትልሚ ካብ ዝተነፀረ ግዘ ብስርዓት ውፅኢት ተኮር ዝተቓነየ ፀብፃብ ስራሕ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ከቕርቡ ኣለዎም፡፡
7. ንዝተትሓዘሎምን ዝፀደቐሎምን በጀት መሰረት ብምግባር ክዕደገሎም ዝደልይዎ ዓይነት ንብረት፣ መዐቀኒ፣ መጠን፣ ምስ ዝፀደቐሎም በጀት ግምት ዋጋ ዝገልፅ ሕቶ ዕደጋ ብእዋኑ ናብ ዳይሬክቶሬት ዕደጋን ንምምሕዳር ንብረት ከቕርቡ ግቡእ ኣለዎም፣

ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት ቤት ፍርዲ ላዕለዋይ ክልል ትግራይ
Tigrai Region Supreme Court President Office

8. ንኣፈፃፅማ እዚ መምርሒ ካብኦም ትፅቢት ዝግበር ኩሉ ክፍፅሙ ግቡእ ኣለዎም፡፡
9. ብመሰረት ሕጊ ንሰራሕተኛ ክሕለወሉ ዝግባእ መሰል ክሕለወሉ ብኣግባቡ ክማላእ ብቐፃልነት ክሰርሑ ኣለዎም።

**ዓንቀፅ 11. ግደ ዳይሬክቶሬት ኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ**

1. ኣብ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ንዝረኣዩ ፀገማት ኣተሓሳስባን ክእለትን ንምፍታሕ ኣብ መፅናዕቲ ዝተመስረቱ ስልጠናታት ክካየዱ፣ ውፅኢታውነቶም ክድህሰሱ በቢ ዳይሬክቶሬቱ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ዘካይድዎ ተግባር መሰረት ዝገበረ ህንፀት ብኣግባቡ ዝካየድ ዘሎ ምዃኑ ብምክትታል፣ ብምድጋፍን ውፅኢታውነቱ ብምድህሳስን ግብረ-መልሲ ክህብን ተሓታትነት ከረጋግፅን ኣለዎ፡፡
2. ኣብ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ዘለው ቅርታታትን መበገሲኦምን ብምፅናዕን ሕጊ መሰረት ዝገበረ መፍትሒ ሓሳባት ብምንፃር ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ከቕርብ ኣለዎ፡፡
3. ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ዝተውሃቦም ልእኽቶ ብዝተቐመጠሉ ስታንዳርድ፣ ሰለጤንን ፅሬትን ንተገልገልቲ ውፅኢታዊ ኣገልግሎት ንክህቡ ግቡእ ደገፍን ክትትልን ክገብር ኣለዎ፡፡
4. ዕግበት ሰራሕተኛታት በቢ 6 ወርሑ ብምፅቃን ሰራሕተኛታት ዘይዓገቡሎም መዳያት ብምግምጋም ክፍትሑን ክፍትሑ ዘይኽእሉ ዛዕባታትን ብምፍላይ ምስቶም ሰራሕተኛታት ምርድዳእ ክግበረሎም ብቐፃልነት ክሰራሕ ኣለዎ፡፡
5. ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ብመሰረት ሕጊ፣ ደንብን መምርሕን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምደባ፣ ዝውውር፣ ዕብየት፣ ድስፕሊን፣ ስንብት፣ ምሃብ ልምዲ ስራሕ፣ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ብዘይኣድልዎን ኣፈላላይን ብስርዓቱ ክፍፀመሎም ክገብር ኣለዎ፡፡
6. ፕሮግራማት ምምሕያሽ ስርዓት ሲቪል ሰራሕተኛ ተግባራዊ ንምግባር ዝተነፀሩ መሳለጥታት ክቕረቡ ብምግባር እቲ ሲቪል ሰራሕተኛ ክጥቀመሎም ክከታተል ይግባእ፡፡
7. በቢ ወርሑ ካብ ሕድሕድ ዳይሬክቶሬት ብምቕባል ኣብ ስራሕ ዝነበረን ዘይነበረን ሰራሕተኛ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ስራሕ ዘይነበረሉ ምኽንያት ነፂሩ ዘይሰርሓሉ መሃያ ከይኽፈል በቢ ወርሑ ዕለት 20 ናብ ዳይሬክቶሬት ፋይናንስ ምምሕዳር ብፅሑፍ መግለፂ ከቕርብ ኣለዎ፡፡

8. ብላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ክሰርሑ ዝተኣዘዙ ሰራሕተኛታት መከሓሓሲ ዕረፍቲ ክወሃቦም፣ ዕረፍቲ ክዛወረሎም ዝተኣዘዘ ብእዋኑ ክዛወር ክገብር ኣለዎ፡፡

9. ዝተውሃቦ ሓላፍነት ብዝምልከት ፀብፃብ ስራሕ ንዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ከቕርብ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 12. ግደ ዳይሬክቶሬት ምምሕዳር ፋይናንስ**

1. ከከም ኣግባብነቱ ብተናፀል ወይ ብጥማር ዓመታዊ ትልሚ ፋይናንስ ምምሕዳር ብእዋኑን ፅሬቱ ሓልዩን ክቐርብ ኣለዎ፡፡
2. ኣብ ትሕቲኡ ናይ ዝርከቡ ጉጅለታት ዝቐርበሉ ትልሚ መርሚሩን ኣረጋጊፁን ከፅድቕ ኣለዎ፡፡
3. ኣብ ምሕደራ ፋይናንስ፣ ንዝረኣዩ ፀገማት ኣተሓሳስባን ክእለትን ንምፍታሕ ቐፃልነት ዘለዎ ተግባር መሰረት ዝገበረ ህንፀት ክካየድ፣ ኣብ ዓቕሚ ንዝረኣዩ ክፍተታት ኣብ መፅናዕቲ ተመስሪቱ ስራሕቲ ዓርሰ ምምህሃር ክካየድን ሓፀርቲ ስልጠናታት ንምሃብ ብትልሚ ዝተመርሐ ስራሕ ክፍፀም ኣለዎ፡፡
4. ምሕደራ ፋይናንስ፣ ውፅኢታዊ ንምግባር ፕሮግራም ምምሕያሽ ፋይናንስ፣ ተግባራዊ ክኾኑ ብጥቡቕ ዲስፕሊን ክመርሕ ኣለዎ፡፡
5. በቢ መዓልቱ ዝኣትውን ዝወፅእን ገንዘብ በቢ ዕለቱ እናተመዝገበ፣ በቢ ወርሑ ናብ ኣይቤክስ ኣትዩ ብመሰረት መምርሒ ፋይናንስ ፀብፃብ ንላዕለዎት ሓለፍቲ፣ ንልምዓታዊ ትልሚ ንቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ብቕዳሕ ንውሽጢ ኦዲት ዝቐረበ ምዃኑ ከረጋግፅ ኣለዎ፡፡
6. በቢ ወርሑ ውሽጢ ቁፅፅር ንኽካየድ ስራሕቲ ምትዕራቕ ባንኪ፣ ቆፀራ ጥረ ገንዘብ ካዝና፣ ተኣካብን ተኸፋልን ሒሳብ ብዕድመ ተተንቲኑ ምቕራቡ፣ ወፃኢታት ሒሳብ፣ ሰነዳት ክፍሊት ጥረ ገንዘብ ካዝናን ባንክን፣ መኣዘዚ ምዝገባ ሒሳብ፣ ኣብ ስራሕ ዝወዓለ ቼክ ብኣግባቡ ዝተሰርሐ ምዃኑ ኣረጋጊፁ ንኦዲት ድልው ክገብር ኣለዎ፡፡
7. ብሰነድ ዝወፁ ልቓሓት እቲ ስራሕ ምስ ተወደአ ስልጠና እንተኾይኑ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ውልቀ ሰብ ዝወሰዶ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ መዓልቲ ዝተወራረደ ምዃኑ ከረጋግፅ ግቡእ ኣለዎ፤ በዚ መምርሒ ዘየወራረደ ሰራሕተኛ ካብ መሃይኡ ተነክዩ ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ ዝተገበረ ምዃኑ ከረጋግፅን ነዚ ዘይፈፀመ ብሕግን ስርዓትን ተሓታትነት ከረጋግፅ ኣለዎ፡፡

8. በቢ. ወርሑ ዝኽፈል መሃያ ብመሰረት እዚ መምርሒ ዝሰርሑን ዘይሰርሑን ሰራሕተኛታት ተፈልዩ ካብ ዳይሬክተር ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ምምፅኡ ብምርግጋፅ ዘይሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይ ዘይሰርሕሉ መዓልቲ ተነክዩ ንኽኽፈል ብፅሑፍ መምርሒ ክህብ ኣለዎ፡፡

9. ንሰለጤንን ውፅኢታውነትን ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ዝሕግዙ ቅጥዕታትን ኣሰራርሓታትን ዝተኣታተውን ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉን ምኳኖም ክከታተል ኣለዎ፡፡

10. ብመሰረት ዝተነፀረ ፕሮግራም ፀብፃብ ስርሑ ናብ ሓላፊ ከቕርብ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ13. ግደ ጉጅለ ፋይናንስን ክፍሊትን ምድላው ፋይናንሻል ሪፖርትን**

1. ኣብ ምሕደራ ፋይናንስ ዝረአዩ ናይ ኣተሓሳሰባን ክእለትን ፀገማት ብትልሚ ዝተመርሐ ገምጋምን ዓርሰ ምምህሃርን ክግበረሉ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡
2. ትልሚ ፋይናንስን ክፍሊትን ናብ ዳይሬክቶሬት ፋይናንስ ምምሕዳር ብምቕራብ ከፅድቕን ምስ ፀደቐ ኣብ ስራሕ ከውዕልን ኣለዎ፡፡
3. ወፃኢታት ቅድሚ ምፍፃሞም ዝፀደቐ ካሽ ፍለው፣ ዝተስሓበን ዘይተስሓበን ከምኡውን ዝርዝር መሃያን ስራሕ መካየድን ፈልዩ ክፈልጥ ኣለዎ፡፡
4. ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ክልልና ክተሓሓዙ ዝግበኦም ኩሎም መአዘዚ ወፃኢታትን መመዝገቢ ኣታውታትን ካልኦት ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳት፣ ቅጥዕታትን ደገፍቲ ሰነዳት ሒሳብን ብዝተማለአ መንገዲ ክሕዝ ኣለዎ፡፡
5. ዝፍፀሙ ክፍሊታት ወፃኢ ንክኾኑ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝኣዘዘ ምኳኑ ብሚላ ዕዳጋ ዝፍፀም ክፍሊት እንተኾይኑ ዝተዳለወ ሰነድ መፅናዕቲ፣ ቃል-ጉባኤ፣ ሸየጥቲ ዘቕረብዎ ሰነድ መወዳደሪ ዋጋ፣ ዝተዳለወ ስፐስፊኬሽን፣ መረጋገፂ ዕሬት ንብረት፣ ሰነድ ቅብሊት፣ ኣታዊ ዝኾነሉ ሞዴል፣ ሕቶ ዕድጊት፣ ዝወፀ ምልክታ፣ ካልኦት ኣድለይቲ ሰነዳት ምቕራቦም ብምርግጋፅ ክፍፀሙ ክገብር ኣለዎ፡፡
6. በቢ. ዕለቱ ዝግበሩ ወፃኢታትን ኣታውታትን ብምምዝጋብ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዘ ብኣይቤክስ ዝተማለአ ፀብፃብ ናብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ክለኣኽን ብቕዳሕ ንቢሮና፣ ንዳይሬክቶሬት ልምዓታዊ ትልምን ንውሽጢ ኦዲትን ከቕርብ ኣለዎ፡፡
7. ዝኾነ ይኹን ወፃኢ በጀት ዘለዎ ምኳኑ ከረጋግፅን በጀት ዘይብሉ ወፃኢ ዝገበረ ተሓታትነት ከረጋግፅ ኣለዎ፡፡ ኣብ ዝወራረዱ ሒሳባት ብጆርናል ቫውቸርን ብመኣዘዚ ጥረ ገንዘብን ኣታውታትን እንተኾይኖም ብፋይናንስን ክፍሊትን

ጉጅለ መራሕን ሲነር ኣካውንታንትን ክፀድቁን ክረጋገፁን ኣለዎም፣ ብመሰረት ክፍሊት ባንኪ ዝወራረዱ ሒሳባት እንተኾይኖም ድማ ክሳብ 5000 ብር ብጉጅለ መራሕን ሲነር ኣካውንታንትን ዝፀድቑ እንትኾኑ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ንላዕልን ክሳብ ክልተ ሚልየን ብዳይሬክተር ፋይናንስ ምምሕዳር ወይ ብተተካኢ ዳይሬክተር ዝፀድቑ እንትኾኑ ልዕሊ ክልተ ሚልየን ብር ዋጋ ዘለዎም ክፍሊታት ግና ብላዕለዎት ሓለፍቲ ወይ ብዝወከልዎ ሰብ ክፀድቑ ይግበር፣ ንተፈፃምነቱ ይከታተል፡፡

8. ወርሓዊ ናብ ዞባን ወረዳን ዝላኣኽ ናይ ፍሰት ጥረ ገንዘብ /CASH FLOW/ ጥቡቕ ክትትል ብምግባር በጀት ክትትል ብምግባር ክፍፀምን ምብፅሑ ከረጋግፅን ካብ ሕድ ሕድ ኣብያተ ፍርዲ ወርሓዊ ሪፖርትን ፈሰሳትን ከምኡውን በቢ ወርሑ ምንባብን ብምእካብ ናብ ዝምልከቶ ክልእኽን ዝተጠመረ ወርሓዊ ሪፖርት ኣብያተ ፍርዲ ብእዋኑ ክሰርሕን ኣለዎ፡፡

9. ንስልጠና ብሰነድ ዝወፀ ድሕሪ ስልጠና ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ውልቀ ሰባት ዝወሰድዎ ምስተመለሱ ኣብ ውሽጢ 7 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክወራረድ እንተዘይ ተወራሪዱ ካብቲ ብሰነድ ዝወሰደ ውልቀ ሰብ መሃያ ተነኪዩ ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ ክገብርን ኣብ ልዕሊ ሰነድ ካሊእ ተወሳኺ ሰነድ ከየውፅእ ብልዑል ሓላፍነት ክሰርሕ ኣለዎ፡፡

10. ክፍሊት መሃያ ዝፍፀም ብባንኪ ኾይኑ ዝሰርሐን ዘይሰርሐን መረጋገፂ ካብ ዝምልከቶም ኣካላትን ዳይሬክቶሬት ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብን ብፅሑፍ ምስ ቀረበ ዘይሰርሑ ሰራሕተኛታት እንተሃልዮም ናይ ዘይሰርሕሉ መዓልቲ መሃያ ነክዩ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡

11. ካብ ሰራሕተኛታት ዝእከብ ስራሕ ግብሪ፣ ጡረታን ካልኦት ተነኪይቲ ሒሳባትን፣ ካብ ሸየጥቲ ዝእከብ ቫት፣ ዊዝሆልዲንግ ካልኦት ተኸፈልቲ ሒሳባትን ግቡእ መረዳእታ ብምሓዝ በቢ ወርሑ ናብ ዝምልከቶ ኣታዊ ክገብር ኣለዎ፡፡

12. ምስ ተሓዚ ገንዘብ ብምዃን በቢ ሰሙኑ ቆፀራ ጥረ ገንዘብ ከካይድን በቢ ወርሑ ምስ ፀብፃብ ሓቢሩ ናብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ክልእኽ ኣለዎ፡፡

13. በቢ ወርሑ ባንኪ ሒሳብ ክተዓረቕን ክመዛዘን ዝግበኦ ባንኪ ሒሳብ ንቼክን በቢ መዓልቱ ክመዛዘንን ክገብር ኣለዎ፣

14. ሰነዳት ኣታውን ወፃእን፣ ቼካትን ካልኦት ደገፍቲ ሰነዳትን በቢ ወርሑ ኣብ መበል 5ይ መዓልቲ ንውሽጢ ኦዲተር ከቕርብ ኣለዎ።

15. ኣብ ዝዳለው ሰነዳት፣ ቸካትን ቫውቸራትን ስርዝ ድልዝ ከይህሉ ወይ ከይደጋገም ተጠንቒቑ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡

**ዓንቀፅ 14. ግደ ተሓዚ ገንዘብ**

1. ብመሰረት መምርሒ ውሽጢ ቑፅፅር ዝተፈቐደ ፒቲ ካሽ ንኣናእሽቶይ ወፃኢታት መኽፈሊ ዝተፈቐደ መጠን ገንዘብ ክትሕዝን ኣብ ስራሕ ምስወዓለ 25% ምስተረፈ ንኽትካእ ሕቶ ናብ ዳይሬክቶሬት ምምሕዳር ፋይናንስ ከቕርብን በቢ እዋኑ ከወራርድን ኣለዎ፡፡
2. ንስልጠና ብሰነድ ወፃኢ ዝተገበረ ገንዘብ ስልጠና ምስ ተወደአ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ከወራረድን ከይተኸፈለ ዝተረፈ ገንዘብ እንተሃልዩ ናብ ሒሳብ ባንኪ እቲ ቢሮ ኣታዊ ክገብርን ኣለዎ፡፡
3. ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣታዊ ዝኾነ ገንዘብ ልዕሊ 10,000.00/ ዓሰርተ ሽሕ ብር / እንተኾይኑ በቢመዓልቱ፣ ናብ ባንኪ ኣታዊ ክገብር ኣለዎ፡፡
4. ብመአዘዚ ጥረ ገንዘበ ወፃኢ ሰነዳት ክፍሊት ብሞዴል 42 መዝጊቡ በቢ ወርሑ ኣብ መበል 30 መዓልቲ ንሒሳብ ክፍሊ ከረክብ ኣለዎ፡፡
5. ዝተፈፀሙ ኣታዊታትን ወፃኢታትን በቢ መዓልቱ ኣግባብነት ብዘለዎም ሰነዳት ክምዝግብን ከመዛዝንን ኣለዎ፡፡
6. በቢ ሰሙኑ ንዝግበር ቆፀራ ጥረ ገንዘብ ካዝና ድልው ክገብር ኣለዎ፡፡
7. ብሰነድ ልቓሕ ዝወሰዱ ውልቀ ሰባት መዝጊቡ ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ መግለፂ ኣዳልዩ ናብ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ከቕርብ ኣለዎ፡፡
8. ብጥረ ገንዘብ ይኹን ብቼክ ወይ ውሕስና ሰነድ ዝተትሓዘ መኽበሪ ጨረታ ሰነድ ወይ ቢድ ቦንድ ብሒሳብ ምስ ተመዝገበ ብጥንቃቐ ክሕዝን ኣብ ጨረታ ንዘይተዓወተ ብመአዘዚ ንሰብ ዋና ተመላሲ ክገብር፣ ተዓወቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ኣታዊ ምግባሮም ምስ ተረጋገፀ ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ክምለሰሎም ይግብር፡፡
9. ዝኾነ ይኹን ወፃኢ ክእዝዝ ስልጣን ብዘለዎ ኣካል ከይተኣዘዘ ወፃኢ ክገብር የብሉን፣ ቅድሚ ምኽፋሉ ኣድለይቲ ዝበሃሉ ደገፍቲ ሰነዳት ዝተማልኡ ምኻኖም ከረጋግፅ ኣለዎ፡፡

**ዓንቀፅ 15. ግደ ዳይሬክቶሬት ዕዳጋን ምምሕዳርን ንብረት**

1. ከከም ኣግባብነቱ ብተናፀል ወይ ብጥማር ዓመታዊ ትልሚ ዕዳጋን ምምሕዳርን ንብረት ብእዋኑን ፅሬቱ ሓልዩን የቕርብ፡፡
2. ኣብ ትሕቲኡ ናይ ዝርከቡ ጉጅለታት ዝቐርበሉ ትልሚ መርሚሩን ኣረጋጊፁን የፅድቕ፡፡
3. ኣብ ምሕደራ ዕዳጋን ምምሕዳርን ንብረትን ንዝረኣዩ ፀገማት ኣተሓሳስባን ክእለትን ንምፍታሕ ቐፃልነት ዘለዎ ተግባር መሰረት ዝገበረ ዘተ ክካየድ፣ ኣብ ዓቕሚ ንዝረኣዩ ክፍተታት ኣብ መፅናዕቲ ተመስሪቱ ስራሕቲ ዓርሰ ምምህሃር ክካየድን ሓፀርቲ ስልጠናታት ንምሃብ ብትልሚ ዝተመርሐ ስራሕ ይፍፅም፡፡
4. ተግባራት ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ውፅኢታዊ ንምግባር ፕሮግራም ምምሕያሽ ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ተግባራዊ ክኾኑ ብጥቡቕ ዲስፕሊን ይመርሕ፡፡
5. ባዕሉ ከጣይሽን ዝግባእ ዝተፈላለያ ኮሚቴታት ከጣይሽ፣ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ክጣየሻ ዝግበኣን ኮሚቴታት መበገሲ ውሳነ ሓሳብ ብምቕራብ ብእዋኑ ክጣየሻ ይገብር፡፡
6. ስራሕቲ ዕዳጋ ብትልሚ ተመሪሑ ብመሰረት መፅናዕቲ ዕዳጋ ኣብ እዋኑ ብዝድለ ግዘን ፅሬትን ዝድለ መጠን ንብረትን ግልጋሎትን ተዓዲጉ ኣብ ስራሕ ክውዕል ግቡእ ክትትልን ቁፅፅርን ክገብርን ኣብ ስልጣኑ ዝወድቕ ባዕሉ ከፅድቕ፣ ካብ ስልጣኑ ንላዕሊ ዝኾነ ኣግባብነት ዘለዎም ሰነዳትን መረዳእታን ዝተማልኡ ምኻኖም ኣረጋጊፁ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ የቕርብ፡፡
7. ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ዝተዓደጉ ንብረታት ቅድሚ ናብ መኽዝን ምእታዎም ፅሬቶም ዝሓለው ምኻኖም ብበዓል ሞያ ወይ ከከም ኣግባብነቱ ብተጠቀምቲ ዝተረጋገፀ ምኻኑ ግቡእ ክትትልን ቁፅፅርን ይገብር፡፡
8. ዝተዓደጉ ንብረታት ፅሬቶም ምስ ተረጋገፀ ብመሰረት ትእዛዝ ዕዳጋን ቅብሊትን እናተመሳኸረ በቢ. ወፃኢ. ኣርእስቱ ኣታዊ ምስ ኮነ ብኡ መሰረት ወፃኢ. ምኻኑ የረጋግፅ፡፡
9. ቀዋሚ ንብረት ተመዝጊቡን ተፈልዩን ኮድ ተዋሂብዎ ዝተቐመጠ ምኻኑ እቲ ንብረት ኣበይ፣ ምስመን ምህላው ዘረጋግፅ ቀዋሚ መዝገብ ዘለዎ ምኻኑ ከረጋግፅ ብቆፀራ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ መምርሒ ቆፀራ ዝተኻየደ ምኻኑን ሕጊ ብዝእዝዞ

መሰረት በቢ 3 ወርሒ ናብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዝተልኣኸ ምዃኑ የረጋግፅ፡፡

10. ክፀገኑን ክውገዱን ዝግበኦም ንብረታት ብመሰረት ሕጊ ዝተፀገኑን ዝተወገዱን ምዃኖም የረጋግፅ፡፡

11. ነዳዲ ብኲፐን ክምላእን ቅድሚኡ ዝተመልአ ነዳዲ ኣብ ስራሕ ከም ዝወዓለን እታ መኪና ብሓደ ሊትሮ ክንደይ ኪ.ሜትር ከም ዝተጎዓዘት ተረጋጊፁ ይምላእ ምህላው መአዘዚ ነዳድን ኲፐንን በቢ ወርሑ ዕለት 30 ቀሪቡ ዝተወራረደ ምዃኑ የረጋግፅ፡፡

12. ንሰለጤንን ውፅኢ.ታውነትን ዕደጋን ምምሕዳር ንብረት ዝሕግዙ ቅጥዕታትን ኣሰራርሓታትን ዝተኣታተውን ኣብ ጥቅሚ ዝወዓሉን ምዃኖም ይከታተል፡፡

13. ብመሰረት ዝተነፀረ ፕሮግራም ፀብፃብ ስርሑ ናብ ሓላፊ የቕርብ።

**ዓንቀፅ 16. ግደ ጉጅለ ዕደጋ**

1. ካብ ዳይሬክቶሬታት ዝመፀሉ ሕቶ ጠለብ ዕደጋ ምስ ዝፀደቐ በጀት ብምምዝዛን ከም ቢሮ ዓመታዊ ትልሚ ዕደጋ ብምድላው ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ የቕርብ፣ ምስ ፀደቐሉ ኣብ ስራሕ የውዕል፡፡
2. ዝፍፀም ዕደጋ ሕጊ ዕደጋ ክልልና ብዝእዝዞ መሰረት ኣብ ጥሙር ዕደጋ ከካይድ ኣለዎ፣ ይኹን እምበር ኣብ ትልሚ ዕደጋ ዘይተትሓዘ ህፁፅ ዕድጊት ብቀጥታ ዕድጊት ብሓላፊ ትእዛዝ ክሳብ ብር 20,000.00/ ዒስራ ሽሕ ብር ክፍፀም ይኽእል በዚ መልክዕ ዝዕደግ ኣቕሓ ወይ ግልጋሎት ግን ኣብ ዓመት ካብ 300,000.00/ ካብ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ/ ዘይበለፀ ክኸውን ብጥብቂ ይሰርሕ፡፡
3. ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ዕደጋ ካብ 5,000.00/ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ንላዕሊ ዝፍፀም ዕደጋ ኣብ መፅናዕቲ ክምስረትን ፅሬት ዘለዎ ንብረት ክዕደግን ፍትሓዊ ውድድርን ዋጋን ከረጋገፅን ብዝለዓለ ዲስፕሊን ይሰርሕ፡፡
4. ብጨረታ ንብረት ንምዕዳግ ብዝወፅ ምልክታ ብሚድያ ክጋዋሕን ኣብ መለጠፊ ምልክታ ቤት ምኽሪ ንግዲ ማሕበራት ክልጠፍን ዝተለጠፈ ምዃኑ ከረጋግፅን መረዳእታ ሒዙ ይቐርብ፡፡
5. ጨረታ ሳንዱቕ ኣብቲ ዝወፀ ምልክታ ብዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ብኣግባቡ ክዕሸግ፣ ክዕፆ፣ ክኽፈት ይቆፃፀር፡፡

6. ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ኣብቲ ምልክታ ብዝተገለፀ መጠን መኽበሪ ጨረታ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብቼክ ወይ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ስፒኦ ከቕርብ ክገብርን መዝገቡ ንፋይናንስ/ሒሳብ/ የቕርብ፡፡
7. ኣብ ጨረታ ተወዳዲሮም ንዘይሰዓሩ ዘትሓዝዎ መኽበሪ ጨረታ ንኽምለሰሎም መአዘዚ ደብዳበ ፅሒፉ ናብ ዕዲጋን ምምሕዳር ንብረትን የቕርብ ዳይሬክተር ዕዲጋን ንብረት ምምሕዳርን ድማ ናብ ዳይሬክተር ምምሕዳር ፋይናንስ ዝተመሓላለፈ ሙኻኑ ብምርግጋፅ ንኽልቀቐሉ ብደብዳበ ይእዝዝ፡፡
8. ጨረታ ምስተኻየደ ዝርዝር ቃለ-ጉባኤ ብምሓዝን ክግዛእ ዝተደለየ ዓይነት ንብረት ወይ ግልጋሎት፣ መጠን፣ ነፀላ ዋጋን ጠቕላላ ዋጋን ብምስላሕን ተዓወቲ ብምፍላይን ጨረታ ኮሚቴ ዝፈረመሉ ሰነድ ካብ ዝተኸፈተሉ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ጨረታ ከፅድቕ ስልጣን ናብ ዝተውሃቦ ኣካል የቕርብ፡፡
9. እቲ ጨረታ ምስ ፀደቐ ንተዓዋቲ ዝሰዓረ ምዃኑ ብምግላፅ ኣብ ውሽጢ 2 መዓልቲ መኽበሪ ውዕሊ ብጥረ ገንዘብ ወይ ውሕስነቱ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ስፒኦ ከትሕዝ ዝገልፅ ብፅሑፍ ብዝምልከቶ ኣፈሪሙ የረክብ፡፡
10. ተዓዋቲ ብመሰረት ብጨረታ ዝሰዓሮ መጠን ንብረትን ዝድለ ፅሬትን ኣታዊ ንኽገብር ኣቐዲሙ ምስ ዳይሬክቶሬት ዕዲጋን ምምሕዳር ንብረትን ብምምኻር ዝተዳለወ ቅጥዒ ውዕሊ ኣብ ቅድሚ 3 መሰኻኽር ብምፍራም ብዝምልከቶ ኣካል ክፀድቕ ክገብርን ተዓዋታይ ወይ መቕረቢ እቲ ንብረት ከአትውን ሕጋዊ ቅብሊት ሒዙ ክመፅእን ትእዛዝ ክወሃቦ ይግበር፡፡
11. እቲ ዝመፀ ንብረት ብመሰረት ዝወፀ ስፐስፊኬሽን ወይ መዐቀኒ ፅሬት ዝቐረበ ምዃኑ ከከም ኣግባብነቱ ብዝምልከቶ በዓል ሞያ ወይ ዝሓተተ ተጠቃሚ ብፅሑፍ መረጋገፂ እናቐረበሉ ናብ መኽዝን ኣታዊ ክኸውን ሓላፍነት ወሲዱ ይሰርሕ፡፡
12. ኣብ ከይዲ ዕዲጋ ዘይምዕሩይ ኣሰራርሓ ከይርአን ምጥፍፋእ ከይህሉን ኩሉ ጊዜ ስራሕቱ ብዘተን ምምህሃርን ክምራሕ ኣለዎ፡፡
13. ኣብ ፕሮፎርማ ስዒሮም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ከቕርቡ ዘይከኣሉ መቕረብቲ /ተወዳደርቲ/ ዝርዝሮም ምስ ኣድላይ ሰነድ ብምትሕሓዝ ናብ ዝምልከቶ ሓላፊ የቕርብ፡፡
14. ግብኦም ዝፈፀሙ መቕረብቲ መረጋገፂ ደብዳቤ ናብ ዳሬክተር ምምሕዳር ፋይናንስ ብምልኣኽ ክኽፈሉ ይግበር፡፡

ቤት ፍርዲ ላዕለዋይ ክልል ትግራይ
Tigrai Region Supreme Court

15. ብትልሚ ኣብ ዝተነፀረ ጊዜ ፀብፃብ ስርሑ ናብ ዝምልከቶ የቕርብ፡፡

16. ኣብ ዝእሰሩ ውዕላት እንግዶትን ክራይ ኣዳራሽን ብመምርሕን ደንብን ፋይናንስ ንኽፍፀሙ ጥቡቕ ክትትል ብምግባር ክፍፀም ኣለዎ፤ ኣብዚ ዝፍፀሙ ሽለልትነትን ዝተፈላለዩ ምጭብባራትን ተጠያቒ ይኸውን፡፡

**ዓንቀፅ 17. ግደ ጉጅለ ምምሕዳር ንብረት**

1. ትልሚ ምምሕዳር ንብረት ብእዋኑ ኣዳልዩ ናብ ዳይሬክተር ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ከቕርብን ምስ ፀደቐሉ ኣብ ስራሕ የውዕል፡፡
2. ናብ መኽዝን ዝኣትው ሓደሽቲ ዝተዓደጉ ንብረታት መእዘዚ ኣታዊ፣ መረጋገፂ ዕሬት ዕሑፍ፣ ናይቲ ዝቐርብ ንብረት ነፀላ ዋጋን ጠቕላላ ዋጋን ዘርኢ ሕጋዊ ቅብሊት ምስ ቀረበሉ ኣረጋጊፁ ብሕጋዊ ሞዴል/ሰነድ/ መዝጊቡ ኣታዊ ይገብር፡፡
3. ዘገልገሉ ቀወምቲ ንብረታት ናብ መኽዝን ክምለሱ ብዝምልከቶ እንትእዘዝ ዘገልገለ ኣብ ዝብል ኣታዊ መግበሪ መዝገብ መዝጊቡ ኣታዊ ይገብር፡፡
4. ኣብ መኽዝን ዝተሓዝ ቀዋምን ሃላቕን ንብረት ብዓይነቱ ተፈልዩ ኣብ ውሑስ መቐመጢ ብጥንቃቐ ክቕመጥን እቲ ንብረት ኮድ ተዋሂብዎ ኣግባብነት ብዘለዎም ሰነዳት ተመዝጊቡን ተመዛዚኑን ክቕመጥ ኣለዎ፡፡
5. ምስ ኮሚቴ ቆፀራ ብምዃን ኣብ መኽዝን ይኹን ኣብ ኢድ ውልቀ ሰራሕተኛታት ዝርከብ ቀዋሚ ንብረት እንተተኻኢሉ ኣብ ዓመት 2 ግዜ እንተወሓደ ሓደ ጊዜ ቆፀራ ንብረት ይገብር፡፡
6. ካብ መኽዝን ዝወፅእ ንብረት ሓታቲ ንብረት እቲ ንብረት ንኽወስድ ዝተፈቐደሉ ምዃኑን ዝተፈቐደሉ ንብረት ኣቐዲሙ ንኽግዘኣሉ ዝሓተተ ምዃኑን ካብ ናይ ባዕሉ በጀት ምዃኑን ብምርግጋፅ ኣብ ንብረት ወፃኢ መግበሪ ሞዴል /ሰነድ/ መዝጊቡ ወፃኢ ገይሩ ይህብ፡፡
7. ክፅገኑ ወይ ክውገዱ ዝግበኦም ንብረት ብምፅናዕ ዝርዝሮም ናብ ዳይሬክቶሬት ፋይናንስ፣ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ብፅሑፍ ከቕርብን ንተፈፃምነቱ ክትትል ክገብርን ኣለዎ፡፡
8. ዝምላእ ነዳዲ ቅድሚኡ ዝተመልአ ነዳዲ ኣብ ስራሕ ከም ዝወዓለ ብኣካል ጌጅ ብምርኣይን ብምርግጋፅን ብስርዓት ኩፖን ክምላእን በቢ ወርሑ ሒሳብ ንክወራረድ ዝርዝሩ ናብ ፋይናንስ የቕርብ፡፡
9. ኣብ ትልሚ ብዝተነፀረ ግዘ ፀብፃብ ስርሑ ናብ ዝምልከቶ የቕርብ።

**ዓንቀፅ 18. ግደ ዳይሬክቶሬት ልምዓታዊ ትልሚ**

1. ሕቶ በጀት ጠሚሩ ናብ ኮምሽን ፕላን ትግራይ ይልእኽን ንተፈፃምነቱ ይከታተልን፡፡
2. ከም ትካል ይኹን ዳይሬክቶሬታት ዝፀደቐ በጀት ኣብ ዝተትሓዘሉ ትልምን ዝተዓለመሉ ዕላማን ምውዓሉ ክከታተልን ክቆፃፀርን ሓላፍነት ኣለዎ፡፡
3. ዝውውር በጀት ብጣዕሚ ኣገዳሲ እንትኾን ብእዋኑ ሕጋውነቱ ተኸቲሉ ክፍፀም ክሰርሕን ዝውውር ተፈቒዱ እንትፍፀም ዳሬክቶሬት ፋይናንስ ምምሕዳር ክፈልጥዎን ከመዛዝኑን ይገብር፡፡
4. ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ስራሕ ዘይወዓለ በጀት እንትህሉ ምስ ዝምልከቶም ላዕለዎት ኣመራርሓን ዳይሬክቶተራትን ብምርድዳእ መፍትሒ ክቕመጠሉ ይሰርሕ፡፡
5. ዝተፈቐደ ካፒታል በጀት ኣብ ዝተተለመሉ ስራሕ ክውዕል ክከታተልን ውፅኢት ኣፈፃፀምኡ ንዝምልከቶም ሓለፍቲ ሰራሕ የቕርብ፡፡
6. ምሕደራ ፋይናንስ፣ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ሓይሊ ሰብን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ክኸውን ዘመናዊ ኣሰራርሓ ክተኣታቶ ይገብር፡፡
7. ፀብፃብ ኣጠቓቕማ በጀት በቢ ወርሑ እናተኸታተለ ናብ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ስራሕ የቕርብ፡፡
8. ብትልሚ ብዝተትሓዘ መሰረት ካሽ ፍለው ናይዚ ትካል ኣዳልዩ ናብ ኮምሽን ፕላን ትግራይ ክልእኽን ብቕዳሕ ዳይሬክቶሬት ምምሕዳር መንግስታዊ ፋይናንስ ምምሕዳርን ዳይሬክትሬት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ክፈልጥዎ ይገብር፡፡
9. ናውቲ ኤለክትሮኒክስ ክዕደጉ እንትሕተት ህላወ በጀት ብፅሑፍ ንዳይሬክቶሬት ምምሕዳር መንግስታዊ ፋይናንስ፣ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ብፅሑፍ ከረክብ ኣለዎ፡፡
10. ኣብ ዝተነፀረ ጊዜ ፀብፃብ ስርሑ ንዝምልከቶ ሓላፊ ከቕርብ ኣለዎ፡፡

**ዓንቀፅ 19. ግደ ዳይሬክተር ውሽጢ ኦዲት**

1. መምርሒ ውሽጢ ቁፅፅር ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትገራይ ኣብ ኩሎም ተግባራት ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምሕደራ ሃፍቲ ክፍፀሙ ዝኽእሉ ፀገማት ንምቑፅፃር ዝወፀ መስርሕ ምኻኑ ክፍለጥን ክትግበርን ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

2. ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ምምሕዳር ፋይናንስ፣ ዕዳጋ፣ ንብረትን ሓይሊ ሰብን ዝተኸበሩ ምዃኖም በቢ ግዚኡ እናተኸታተለ ከረጋግፅን ክቆፃፀርን ክፍተት እንተጋጥም ብእዋኑ ንኽእረሙ ሕጋዊ ርኢቶ ይህብ፡፡
3. ቀዳምነት ክወሃቦም ዝግባእ ተግባራት ብምፍላይ ምስ ዕላማ ትካልና ዝስማዕምዑ ምዃኖም ብምርግጋፅ ንስግኣት ዘለዎም ተቓላዓይነት ኣብ ግምት ብምእታው ንፁር ትልሚ ብምድላውን ብላዕለዎት ሓለፍቲ ብምፅዳቕን ኣወዳድባ ሓይሊ ሰብን ድልየት ኣጠቓቕማ በጀትን ዝምልከቱ ስራሕቲ ውሽጢ ኦዲት ከካይድን ሕጊ መሰረት ዝገበረ ርካባትን ርኢቶን ንፕረዝደንትን፣ ንዳይሬክቶሬት ፋይናንስ፣ ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ንቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን የቕርብ፡፡
4. ኣክሽን ፕላን ኣዳልዩ በቢ እዋኑ ርካባት ኣብ ዝበፅሕዎ ብርኪ ይከታተል፡፡
5. ውሽጢ ኦዲት ስሩዕ ትልሚ ኦዲት ኩሉ ኦዲት ዝግበር ኣካል ክፈልጦ ይግብር፡፡
6. ውሽጢ ኦዲተራት ተፈልዮም ዝወሃብዎም ስራሕቲ ኦዲት ብብቕዓት ንምፍፃም ዘኽእሎም ፍልጠት፣ ክእለት፣ ልምድን ካልኦት ተደለይቲ ክእለታትን ክህልዎም ንምግባር ኣብ መፅናዕቲ ዝተመስረተ ድልየት ስልጠና ትልሚ ብምድላው ብላዕለዋይ ሓላፊ ምስ ፀደቐ ኣብ ተግባር የውዕል፡፡
7. ውሽጢ ኦዲተር ብመሰረት ዝፀደቐሉ ትልሚ ኦዲት ስራሕ ምስ ኣጠቓለለ ፈላማይ ኣኼባ ምስቶም ኦዲት ዝተገበሩ ኣካላት ቀዊሉ መወዳእታ መውፅኢ ኣኼባ /Exit conference/ ምስ ዝምልከቶም ዳይሬክተራትን ፈፀምቲ ስራሕን ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕን ክካየድ ይግብር፡፡
8. ኣብቲ ኣኼባ ዝተበፅሐ መደምደምታን ዝተረኸበ ውፅኢትን መመሓየሺ ሓሳብን ግቡእን ዘድልን ባህርያት ፀብፃብ ዝተመስረተ ዝተማለአ ፀብፃብ ብምድላው ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ቤት ዕዮ የቕርብ፡፡
9. ብመሰረት መምርሒ ውሽጢ ቑፅፅር ዝተገበረ ቆፀራ ጥረ-ገንዘብን ንብረትን ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስን ዕዳጋን ምምሕዳር ንብረትን ክልልና ዝተፈፀመ ምዃኑ ብምርግጋፅ ፀብፃብ እቲ ቆፀራ ምስ ሰነድ እቲ ቆፀራ ኣተሓሒዙ ናብ ላዕለዋይ ሓላፊ ቢሮ ከቕርብን ኣብ እዋን ቆፀራ ብተዓዛብነት ክርከብን፣ ኣብ ስራሕቲ ፈሰስ ሒሳብ ክሳተፍ፣ ኣቐዲሞም ኣብ ዝቐረቡ ፀብፃባት ኦዲት መሰረት ብምግባር ዝተኣረሙ፣ ስጉምቲ ዘይተወሰደሎም ርካባት ብምክትታል ስጉምቲ ንክውሰደሎም ናብ ፕረዝደንት ብፅሑፍ የቕርብ፡፡

10. ብናይ ደገ ኦዲተራት ዝቐረበ ርኢቶ ኦዲት ብእዋኑ ተግባራዊ ክኸውን ክትትል ይገብር፡፡

11. ኣፈፃፅማ ስርሑ ብዝተነፀረ ፕሮግራም መሰረት ብዝተትሓዘ ትልሚ ኣብ ንፁር መረዳእታ ዝተመስረተ ወድዓውን ምኽንያታውን ፀብፃብ ስራሕ የቕርብ።

## ዓንቀፅ 20. ግደ ዳይ/ዳይሬክተር ጠቕላላ ግልጋሎት፣ ፅገናን ምውፋርን ተሽከርከርትን

1. ስራሕቲ ሓፈሻዊ ግልጋሎት ምውፋር ትራንስፖርት፣ ሓለዋን ድሕንነትን ቀፅሪ ቤት ፍርዲ፣ ፅባቀ ግቢ፣ ግልጋሎት ፅገና ይትልም፣ የተሓባብር፣ ይመርሕ፣ ይቆፃፀር::
2. ግልጋሎታት ዕርየት ኦፊስን ግልጋሎት ሸንት ቤትን በኣግባቡ ይኸይድ ከም ዘሎ ይከታተል ክፍሊታት ግልጋሎት እውን ምስርሑ ብምርግጋፅ መጠን ገንዘብን ንመን ከምዝኸፈልን ናይ መኣዝ እዋን ምኻኑን ብንፁር ብደብዳቤ ናብ ዳሬክተር ምምሕዳር መንግስታዊ ፋይናንስ ኣረጋጊፁ የመሓላልፍ፡፡
3. ግልጋሎት ካፍተርያ ብውዕሊ መሰረት ይፍፀም ምህላውን ብዝተኣሰረ ዋጋን ዕርየትን ንሰራሕተኛ የቕርብ ምህላው ብምርግጋፅ ጥቡቕ ክትትል ይገብር ፀገም ኣዋህባ ግልጋሎት እንተጋጥም ብፅሑፍ ውዕሊ ክስረዝ ንዳሬክተር ዕደጋን ምምሐር ንብረትን የፍልጥ::
4. ግልጋሎት ፅገናታት ይቆፃፀር፤ ክፍሊታት እውን ክፍፀሙ ይሰርሕ ንኣብነት ማይ መብራህቲ ስልኪን ፖስታን ካልኦትን በቢ ወርሑ ክትትል ብምግባር ክፍሊታት ክፍፀሙ መጠን ገንዘብን ንመን ከምዝኸፈልን ናይ መዓዝ እዋን ምዃኑን ብንፁር ብደብዳበ የፍልጥ::
5. ናይ መንግስቲ ተሽከርከርቲ አጠቓቕማ ደንቢን መምርሒን መሰረት ንተሽከርከርቲ ናይ ነዳዲ፣ ኢንሹራንስ፣ ከላውዶ ዝተፈላለዮ ናይ ተሽከርከርቲ መለዋወጢ አቁሑ ንዕድጊት ዝኸውን በጀት ንክትሓዝ ንዝምልከቶም ዳይሬክተራትን ለሐሓለፍትን የፍልጥ::
6. ኣብቲ ትካል ውሽጢ ዝርከቡ ተሽከርከርቲ ካብ ዝተፈላለዮ ዳይሬክተራት ንዝቀርቡ ሕቶታት መሰረት ብምግባር ናይ ስምሪት ስራሕቲ ብአግባቡ ክፍፀሙ ይቆፃፀር::
7. ኣብ ተሽከርከርቲ ዘጋጥም ግጭት ወይ ካልኦት ሓደጋታት ብምክትታል ንዳይሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ብምፍላጥ ንተፈፃምነቱ ይከታተል::
8. ንተሽከርከርቲ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ስፔራትን ጎማን ባትርን ንኽዕደገሉ ንዳይሬክተር ዕደጋን ምምሕፈዳር ንብረትን እንተቅርብ ግልፂ ዝኾነ ስፔስፊኬሽን ብምንፃር ከቅርብ ኣለዎ::

9. ናይ ነዳድን ቅብኣትን ዕደላታትን ኣጠቃቅማን ብመምርሒ መሰረት ምፍፃሙ የረጋግፅ በቢ ክልተ ሰሙኑ ናይ ክፍሊት ትእዛዝ መጠን ገንዘብን ንመን ከምዝኸፈልን ናይ መኣዝ እዋን ምኻኑን ብንፁር ብደብዳበ ናብ ዳይረክተር ምምሕዳር መንግስታዊ ፋይናንስ የፍልጥ::

10. ጠቕላላ ናይቲ ትካል ናይ ፅገና ስራሕቲ ብኣግባቡ ከምዝተሰርሑ ምርግጋፅ ፅገና ዘድልዮም ስራሕቲ ኣቀዲሙ የፅንዕ::

11. ፅገና ዘድልዮም ናይ ትካል መገልገሊ ኣቁሑ፣ ጠረጴዛ፣ ናይ ማይን ኤሌክትሪክን ፅገናታት ወዘተ ብዝቀርቡ ናይ ፅገና ሕቶታት ምስረሖም ይከታተል ፅገና ንዝተገበረሎም ናይ ክፍሊት ሕቶታት ክርከብ እንተሎ ኣፃርዩ መጠን ገንዘብን ንመን ከምዝኸፈልን ናይ መኣዝ እዋን ምኻኑን ብንፁር ብደብዳበ ናብ ዳይሪክቶሪት ምምሕዳር መንግስታዊ ፋይናንስ የቕርብ::

12. ናይ መኪና ናይ ፅገና ውዕሊ ምስተፈፀመ ተግበራት ፅገና ብምክትታልን ዝተቀየሩ ስፔራት ናብ ስቶር ምምላሶም ብምርግጋፅ መጠን ገንዘብን ንመን ከምዝኸፈልን ናይ መኣዝ እዋን ምኻኑን ብንፁር ብደብዳበ ናይ ክፍሊት ሕቶታት ናብ ዳሬክተር ምምሕዳር መንግስታዊ ፋይናንስ የቕርብ ዝተቐየረ ስፔር ናብ ስቶር ከይመለሰ ንኽኸፈል እንተኣዚዙ ተሓታቲ ይኸውን::

13. ብቢሮ ኮንስትራክሽን ወይ ብቤት ፅዮና ዝካየዱ ናይ ህንፃታት ስራሕቲ ናይ ኣብያተ ፍርዲ ህንፃታት ኣብ ዝስርሕሉ እዋን ናይ ሓባር ውዕሊ ክእሰር ብምግባር ክትትል ብምግባር ውዕሊ ብኣብያተ ፍርዲ እንትኸውን እዚ ይፍፅም፣ ብኻሊእ ኣካል እንትኸውን ድማ ንሰለጤኑን ዕሬቱን ሞያዊ ርኢቶ የቕርብ::

**ዓንቀፅ 21. ግደ ዳሬክተር ቴክኖሎጅን ሓበሬታን /ቲሓር/**

ሀ. ምሃብ ግልጋሎት ምድላው ስፔስፊኬሽን ናውቲ ቲሓር

1. ኣብ ዕዳጋ ዝርከብን ግልጋሎት ክህብ ዝኽእል ፅርየቱ ዝሓለወ ስፔስፊኬሽን ብምድላው ናብ ዳይሬክተር ዕዳጋን ምም/ር ንብረትን ምቕራብ፡፡
2. ክንዲ ዝከኣል ዝዳሎ ስፐስፊኬሽን ሰብ ሞያ ቴሓር /ኮምቴ/ ክዳሎ ምግባር፣ እኹል ጥንቓቐን ምሽጥሩ ዝሓለወን ተኣማንን ክኸውን ምስራሕ፡፡

ለ. ምርግጋፅ ኣታዊ ዝኸውን ናውቲ ቲሓር

1. ቅድሚ ናይ ፋይናንሻል ውፅኢት ምርኣይን ምግምጋምን ናይ ተወዳደርቲ ቴክኒካል ውፅኢት ብዝተዳለወ ስፔስፊኬሽን መሰረት ምኻኑ ምርግጋፅ፡፡

2. ተዓዲት ናብ ንብረት ክፍሊ ብጊዚያውነት ዝኣተወ ናውቲ ቲሓር ቅድም ኢሉ ብዝተዳለወ ስፔስፊኬሽን ምኻኑ ምርግጋፅ፡፡

3. ዝካየዱ ናይ ንብረት ምርግጋፅ ስራሕቲ ክንዲ ዝከኣል ብኮምቴ ክምራሕ ምግባር፡፡

4. ኣብ ንብረት ምርግጋፅ ስራሕቲ ምስ በዓል ጉዳይ ምንም ዓይነት ዘይሕጋዊ ርክብ ከይፍጠር እኹል ቁፅፅርን ክትትትልን ምክያድ፡፡

ሐ. ግልጋሎት ፅገናታት ናውቲ ቴሓር

1. ዝተዋደደ ፅገናታት ኤለክትሮኒክስ ብምክያድ ናይቲ ቤት ዕዮ ብኽነት ምቕናስ፡፡

2. ናውቲ ፅገና ቴሓር ብእዋኑ በጀት ክተሓዘሎምን ክዕደጉን ምሕታት፡፡

3. ካብ ዘገልገሉ ንብረት ክፅገን ዝኽእል ብምፅጋን ክፅገን ዘይኽእል ድማ ብመረዳእታ ብምድጋፍ ንኽውገዱ ናብ ሓላፊ ምቅራብ፡፡

**ዓንቀፅ 22. ግደ ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝብን መንግስትን ላ/ቤት ፍርዲ ክ/ትግራይ**

1. ዳ/ር/ህ/መ ወይ ዝወከሎ ንናይ ሕትመት ስራሕቲ ዝተማለአ ስፐስፊኬሽን ንዳ/ዕ/ንብረት ምምሕዳርን ሂቡ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል ኣብዚ ዝፍጠር ስሕተት ተሓታቲ ይኸውን፡፡

2. ዳ/ር/ህ/መ ወይ ዝወከሎ ናብ ቤት ሕትመት ዝኣተወ ውፅኢት ሕትመታት ብእዋኖም የፃሪ፣ ይከታተል፤ዝፍጠር ስሕተት ተሓታቲ ይኸውን፡፡

3. ስራሕቲ ውፅኢት ሕትመታት ብፅሬት ይዳለዉ ምህላዎም ይከታተል ዝፍጠር ስሕተት ተሓታቲ ይኸውን፡፡

4. ዝተፈላለዩ ናይ ሕትመት ዕድጊታት ኣብ ምክትታል ዳ/ር/ህ/መ ወይ ዝወከሎ ሰራሕተኛ ግቡእ ስራሕ ምስርሑ ተኸታቲሉ ኣፃርዩ የእትው፤ ባዕሉ ከዓ ተሓታቲ ይኸውን፡፡

5. ኣብ ትርጉም ሕግን ሕጊ ተንከፍ ስራሕቲ ብሕትመትን ሚዲያን ዝቐርቡ ስራሕቲ ዝምልከቶም ኣመራርሓን ዳያኑን ኣቐዲሞም ሓሳብ ክህቡሉ ዝተገበረን ዝተፃረየን ምዃኑ ይፍትሽ፤ ብግቡእ ንዘይሰርሐ ሰራሕተኛ ድማ ተሓታቲ ይገብር፡፡

6. ዳ/ር/ህ/መ ወይ ዝወከሎ ሰራሕተኛ ግቡእ ስራሕ ብሮሽር ሰሪሑ ዘቕረበ ምዃኑ ቅድሚ ምሕታሙ ኣረጋጊፁ፣ ተኸታቲሉ ክስራሕ ይእዝዝ፤ ኣብዚ ዝፍጠር ድኽመት ተሓታቲ ይኸውን፡፡

7. ክውሃቡ ዝግብኦም ፕረስ ኮንፈረንስ፣ ፕረስ ሪሊዝ፣ ፕረስ ብሪፊንግ ብእዋኑ ዝወሃብ ዘሎ ምዃኑ ብምክትታል ሓበሬታ ምሃብን ኣብ እዋኑ ክወሃብ ምግባርን፡፡

Tigrai Region Supreme Court President Office

8. ቅድሚ ናብ ሚድያ ምቕራቡ ዝምልከቶ ሰራሕተኛ ኣድላይ ዘይኾነ መልእኽቲ ከይሓልፍ ምስ ጋዜጠኛታት ተዛትዩ ምቕራቡ ምክትታል፡፡

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ 23. ጥፍኣታትን ቅፅዓትን**

1. ኣብዚ መምርሒ እዙይ ዝተደንገጉ ሓላፍነታት ዘይምፍፃም፤ ንባዕልኻ ይኹን ንኻልኦት ዘይግቡእ ረብሓ ንምርካብ ምንቅስቓስ ዝፈፀመ ሓላፊ ወይ ሰራሕተኛ ብዝመሓደረሉ ሕጊ ብዲስፕሊን ተሓታቲ ይኸውን፡፡
2. ዝኾነ ሓላፊ ወይ ሰራሕተኛ ብዝፈፀሞ መጠን ጥፍኣት ብኸቢድ ወይ ብቐሊል ቅፅዓት ጉድለት ስነ ምግባር ይቕፃዕ፡፡
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ን/2/ንዝተሓገጉ ከምዝተሓለዉ ኾይኖም እቲ ዝተፈፀመ ጉድለት ብገበንን ብፍትሃብሄርን ዘሕትት እንተኾይኑ ዝተወሰደ ስጉምቲ ድስፕሊን ካብ ተሓታትነት ዘትርፎ ኣይኾነን።

**ዓንቀፅ 24. ምምሕያሽ እዚ መምርሒ**

እዚ መምርሒ ህልዊ ምዕባለን ኩነታትን ብምግምጋም ኣብ ዝኾነ ግዜ ብፕረዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክመሓየሽ ይኽእል፡፡

**ዓንቀፅ 25. ዝተስዓሩ ሕግታት**

1. መምርሒ ስርዓት ውሽጢ ቑፅዕር ቑፅሪ 4/2008 በዚ መምርሒ ኣዚ ተሳዒሩ ኣሎ፡፡
2. ነዚ መምርሒ ዝጻረፅ ዝኾነ መምርሒ፣ ኣሰራርሓ፣ ውሳነ ወይ ልምዳዊ ኣሰራርሓ ኣብዚ መምርሒ ኣብ ዝሽፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን፡፡

**ዓንቀፅ 26. እዚ መምርሒ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ መምርሒ ብፕረዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት 27/01/ 2017 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ፀጋይ ብርሃነ /ዶ.ር/

ፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

**መቐለ**

Tigrai Region Supreme Court President Office